ሸፍታ ከም ዝገበርካዮ ኩሉ ኣነ ውን አብታ ትመጽእ መንግስትኻ
ብቑርንትካ ዘክረኒ" እንዳበልኩ አነውን ናባኻ ይምህለል አለኹ።

29. አ! ንቀራጹ ማቴዎስ ከም ዝዘክርዎ፡ ዕሞኡ ውን ምስ ቅዱሳን
ሓዋርያት ከም ዝዝበርካዮ ኩሉ ንዓይ ውን ዘክረኒ፡

አ! አሳዳጺ ንዝነበረ ጳውሎስ ከም ዝዘክርካዮ ንዓይ ውን ዘክረኒ፡
[ንኡ] ንእሀዘብ ዝጽውዕ ወንጌል መንግስቲ ዝሰብኽ ከም ዝዝበርካዮ
ዝሰምዑ ኩሎም ብዛዕባኡ ከምዚ እንዳበሉ የድንቹ ነይሮም። እዚኢ
እቾዲሙ ንዘሳድዶ ዝነበረ ሃይማኖት ሕጂ ይሰብኩሉ ንዕኡ ብዝተምህሮ
ጸጋ ንእግዚአብሔር የመስግኑ ነይሮም።

አ! ሸቶ ንዝቐበልኦ፡ ንእግርኻ ውን ብንብዓት ዘጠልነሮ፡ ብጸጉራ
ውን ዝደረብኦ ዘማዊት ከም ዝዘክርኦ ንዓይ ውን ዘክረኒ፡ እምንቲኒ
አድሓንኩ ኩሉ ሓጢኣትኪ ውን ተደምሲሱልኪ ከም ዝዘልኦሙ
ንዓይ ውን "እምንትካ አድሓንካ ኢዩ" በለኒ። ንዓይ ንባርያካ ናይ·ሉ
ነርስቶስ ውን ንመንግስቲ አቦኻ ዘበቓዕኩ ግበረኒ ለዓለም ዓለም አሜን
!!!

[26] ሉቃ 23:39-42
[27] ማቴ 9:9
[28] ሚሊኖ 9
[29] ኃሊ 1:13
[30] የሐ 11:2, 15:9

3

30. አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ምሕረትካ ንሰለይ ግበር፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ምሕረትካ ኣብ ልዕለይ ወስኽ።

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብሓጹረ መስቀልካ ክልለኒ፡ ብቑልፈ ምድሓንካ ክልለኒ፡

አ! ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ለውጥተይ ሓጹር ንጸላኢ ሰዓሪ ብዝኾነ መስቀልካ ክበቡ

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብትጉሃት ኣእላፍ መላእኽትካ መግበኒ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ መስቀልካ መሳርሒ ኣዕጥቐኒ፡

አ ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰኻ ብልሳን ቅዱሳን ዝጠዓመ ስም ኢኻ።

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብሓቂ ንዝጸውዑኻ ንሰኻ ዝመቀረ ዝኾነ ኢኻ።

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰኻ መንፈስ ኮኾሳም ንዝደምዝዘሉም መመኽሒ ዝኾንካ ኮኾብ ጽባሕ ኢኻ።

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ገጽ ቅዱሳን ኩሉ ግዜ ዘብርህ ናይ ጽድቂ ጸሓይ ኢኻ።

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኮብ ቤት ያዕቡብ ዝወጸ አም ዘይቲ፡ ኮብ ሱር እሰይ ዝወጸ ናይ ሃይማኖት በትሪ ኮብ ጉንዲ ዳዊት ዝዘኾለት ዕምባባ ኢኻ።

አ!ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኮብ ቁጥዕኡ ዝተላዕለ ግዑቲ ጽልሙት ዝረዓድኡ፡ ኮብ ብርትዐ ድምጹ ዝተላዕለ ምድርን ግቦታትን ዝተንቀጥቀጥኡ ኮብ ነገደ ይሁዳ ዝተረኽበ ሰዓሪ አንበሳ ኢኻ።[ሩ]

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብቑስጢ መስቀልካ ንዝሞጋእና ውግእኮ፡ ኮብ ሓጺን መሳምርካ ንዓኡ እትወግእሉ ዝረሰነ ኩናት ሰራሕ።

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ምድሓንካ ሓይሊ ኣብ ልዕለይ ግለጽ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ብርሃንካ ገጽ ኣብ ልዕለይ ሸም፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ሞንስ መስቀልካ ኣብ ዘመን ሂወተይ ኩሉ ምሳይ ይኹን

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንልሳነይ ምእንቲ ናይ መስቀልካ ውዳሴ ክዘረብ ብናይ መለኮትካ ጨውኑት ኣመቕሮ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንኣኮቴትካ መታን ኩመስማን ኣብ ልሳነይ ምሳጋናኻ ምልእየ።

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣእጋረይ ኣብ ናይ ኣእጋርካ ፈለግ ጽድቂ መታን ክኾተል ኣብ መንገድኻ ኣጽንዕ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ፍቓድካ ንምፍጻም ኣጽንዓኒ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንዓኻ ምፍራህ ኣብ ሱብተይ ኣሕድር።

[ሩ] ራእ 5:5

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንምሕረትካ አብ ልዕለይ ግበር፡ አብ ገጸይ ውን ናይ ምሕረትካ ዘይተ ይፍሰስ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ንሰማያዊ ምስጢርካ ንምቕባል ዝተዳለኹ ግበረኒ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ አብ መለኮታዊ መአድኻ ክም ዝቕመጥ ግበር፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ብቕዱሳንካ ደስ ክም ዝበለካ ኩሉ ብኣይ ደስ ይበለኒ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ሰንደልደል ኩበል ክለኹ ደግፈኒ፡ ካብ ውድቀተይ ውን አተስእኒ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ካብ ሸግር ኣድሕነኒ፡ መክራይን ሕማመይን ረኢ፡ ንሓጢኣተይ ውን ይቕረ በለለይ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ካብ ጸላኣተይን ካብ ዘሳዱዱንን ተኸላኸለለይ[ሰ]

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ አብ ልዕሊ አገልጋሊኻ ገጽካ አብርህ ንኺይሓፍር ከለ ጸዊዐካ ኣለኹ፡[ሸ]

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ መስቀልካ አብ ኩሉ ዝወዕለሉ ቦታን አብ ዝሓድረሉ ሰፍራን ሓላዊ ይኹንኒ፡

አ! ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ካብ ህጻንነተይ ጀሚርካ ተስፋይ ንሰኻ ኢኻ[ቀ]

[ሰ] መዝ 30፡16 31፡15
[ሸ] ሉቃ 9፡26
[ቀ] መዝ 70፡5

አ!ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ካብ ማህጸን ኣደይ ጀሚርካ ንሰኻ አምላኸይ ኢኻ[በ] አብ ማህጸን ውን ንሰኻ ሰወርካኒ፡ ኩሉ ግዜ ንሰኻ ረዳኢየይ ኢኻ[ገ]

አ!ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ናይ ምድሓነይ ቀርኒ ንሰኻ ኢኻ[መ]

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ርእሰይ ኣኽሊል ንሰኻ ኢኻ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንኣፈይ ጥዑም ዝኾንካ ናይ ህይወት እንጀራ ንሰኻ ኢኻ[ሠ]

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ንባረረይ ጽቡቕ ዝኾንካ ናይ መድኃኒት ጽዋእ ንሰኻ ኢኻ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዘይተኣልመ ጨርቂ፡ ዘይተፈትለ ልብሲ ንሰኻ ኢኻ፡

አ!ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዕጽፊ ወርቂ ዝኾንካ፡ ዝተረኽበካ ዕንቁ[ረ] ውን ንሰኻ ኢኻ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ዝዘንዚሐ መናን፡ ዝዘርኩቱ መኽሊት ንሰኻ ኢኻ[ቸ]

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ስለ ኣዳምን ደቁን ክትብል መኺራ ዝተሰዘምካ ንሰኻ ኢኻ፡

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ብምኽንያት ስሕተት ሔዋንን ደቃን ንናይ መስቀል ሕማማት ዝተሰዘምካ ንሰኻ ኢኻ፡

[በ] መዝ 21፡11
[ገ] መዝ 70፡6
[መ] ሉቃ 1፡69
[ሠ] ዮሓ 6፡35
[ረ] ማቴ 13፡45
[ቸ] ማቴ 25፡15 ሉቃ 19፡11-25

አ! ጉይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ምእንቲ በደል ይቂ ሰባት ክትብል ንና ይ መስቀል መከምር ዝተቐበልካ ንስኻ ኢኻ። ንና ይ መስቀል ሕማማት ምእንቲ ሓጢኣትና ክትብል ዝተቐበልካ። ንጸሎተይ ከም ዕጣን አብ ቅድሚኻ ተቐበል።

ምእንቲ በደለይ ክትብል ና ይ መስቀል መከራ ዝተዓገስካ። አብ ሕቁፍካ እትትክዘ ትዕግስቲ ዓድለኒ፣ ብአርዐት መስቀልካ ዝተጸመድኩ ንኽነጽሁን አብቁኒ፣

31. ብኽመጸን ብሓይልን አብ ልዕሊይ ዝተላዕሉ ብመስቀልካ ሓይሊ ደክአኩ፣ ኮብ ቅድሚ መስቀልካ ይጥፍኡ። አብ ደን ዘሉ ድምጺ ና ይ ቀጽሊ ኮነብ ዝፈርሑ ና ይ አንስቲ ፍርሃት ስደደሉም። ንደቀም ውን ሲደፍ መከራ የምጻአሉም። አብ ውሽጢ ቤቶም ውን ፍርሃት ይኹን። ንዓይ ግን ብዘመናትን ብኹሉ ዕለታትን ኮገኻ ድሕነትን ሰላምን ይኹን።

32. አ! ጉይታ ሓይልካ አልሰል፣ መጺኻ ውን አድሕነና፣ አ! አታ ና ይ ሓያላን አምላኽ ምስና። መታን ክንድሕን ገጽካ አብ ልዕሊና አብርሂ።

አ! ጉይታይ ብመስቀልካ ናብ ዝደለኻዮ መንገዲ መራሒ ኩነና፣ ረጻደይን መሸግዕይን ኩነኤ ሓይለይን ጸግዐይን፣ ብርትዐይን ና ይ ኮብሂ መድኃንን ንስኻ ኢኻ። ብመልቲ ምሳይ ብለይቲ ውን አብ ግእዝለይ ኩን። ኩሉ ግዜን መልትን አይትግደፈኒ።

33. አ! ኮብ እርያም ምውራድኻን ብኽልቲኡ ወገን ድንግል ገሰኻት አብ ግጽዜን ድንግል ማርያም ምሕዳርካን ኮብአ ምውላድካን አጥቢታ ጠዚኻ ምዕሊያን ዘክር። ነዚ ዘኪርካ ውን ናተይ ና ይ እገልጋሊኻ ንና ይ ፍሥሐ ክርስቶስ ሓጢኣት ይቅረ በለለይ።

[1] መዝ 140[2]
[2] መዝ 73[3]-4 መዝ 85[2]:3
[3] መዝ 26[9]
[4] መዝ 17[3] መዝ 18[2] መዝ 30[4] መዝ 31[3]

አ! በብንእሽቶ ዝኾነ አተዓባብያኻ፣ ብንጽህና ንገኾነ ንስእነትካ ውን ሕሰብ። እዚ ሓሲብካ ውን ንሓጢኣተይ ይቅረ በለለይ።

አ! አብ ማእከል ባሕሪ ንዕርቃንካ ተገሊጽካ ብኢድ ዮሓንስ ንዝተገብረ ጥምቀትካ ዘክር፣ ነዚ ዘኪርካ ንና ተይ ኃጢኣት ይቅረ በለለይ።

አ! መንገዲ ብምጉዓዝ ንምግልታዕኩ አብ በረኻ ውን ኮሳብ ዝጠምየካ አርብዓ መዓልትን ለይትን አብ ዝጾምካሉ ግዜ ብድያብሎስ ምፍታንካ ዘክር፣ እዚ ሓሲብካ፣ ንሓጢኣተይ ይቅረ ግበረለይ።

አ! አብ ዝተተሓንኮለ ለይቲ ንሃዋርያት ዝሃብኮዎም ሲጋኻን ደምካን ዘክር፣ በልኮዎም ውን ሃንኩም ብልዑ፣ እዚ ሲጋይ ኢዩ፣ እዚ ጽዋእ ውን ስተዩ፣ ንሱ ደመይ ኢዩ፣ አብ መንግስተ ሰማይ ምስ አቦይ ኑቲ ሓድሽ ወይኒ ኮሳብ ዝሰቲ ኮብሉ አይሰትን። ነዚ ዘኪርካ ናተይ ሓጢኣት ይቅረ በለለይ።

አ! ብባሮት ሊቀ ካህናት ምትሓንኩ አብ አደባባይ ቀያፋ ብጽፍዒት ምህራምካ ዘክር። ነዚ ሓሲብካ ንሓጢኣተይ ይቅረ በል።

አ! አብ አደባባይ ቀያፋ ምጽዋምካ አብቲ አደባዛይ ብጠበሩ ምኽራፍካ ዘክር፣ ነዚ ዘኪርካ ንሓጢኣተይ ይቅረ በል።

አ! ብዘትሪ ሰንሰለት ምህራምካ ብሓጺን ኩርማጅ ምግራፍካ ዘክር፣ ነዚ ዘኪርካ ንሓጢኣተይ ይቅረ በል።

አ! አብ ዕንጸይቲ ምስቃልካ ብችንዝር ምሸንዝርካ ዘክር፣ ነዚ ዘኪርካ ንሓጢኣተይ ይቅረ በል።

[1] ማቴ 26[27-29]

አ! ንሓሮት ምነ መጺኦ ነገር ሓዋዊኦም ዘስተዋ። ኣፍሰኻ ንሮት ምነብዮ፣ ዘክር፡ ዝኒ ዘኒርካ ንሓጢኣተይ ይቅረ በል።

አ! ብዛሪ ልብኒ ምስንዞ፣ ኣብ መጋብር ውን ምእታውኦ። ኣብኡ ውን ሰለስተ መዓልትን ሰለስተ ለይትን ብዘይ ምንቅስቓስ ኮብኒ ምጽናሕ፣ ዘክር፡ ዝኒ ዘኒርካ ውን ንሓጢኣተይ ይቅረ በል።

አ! ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ምትንሳኦ ግዕጽ ኣብ ዝተዓጽወ ንነሽኩ ምኞርያት ምግላጽካ ዘክር፡ እዚ ዘኒርካ ንሓጢኣተይ ይቅረ በለኒ።

አ! ናብ ሰግያት ምስራግኦ ኣብ የማን አቦ ምቅንጮካ ዘክር፡ እዚ ዘኒርካ ንሓጢኣተይ ይቅረ በል።

34. ኣብ ኖትግይ ምጽኣትካ ኣብዙም ብሩኻን አባጊዕካ ሓደ ግበረኒ፡ ዕሚይ ውን ኣብ ብጽሒት ሃገረ ቅዱሳን ግበር፡

አ! ንሥጋ ዝለበስካ ንምድሓን'ዶ ኣይትነገኽ ኑቲ ጠፋኢ ሥጋ ዘይጠፍእ ገበርካዮ።

35. ኣነ እሞ ዝጠፍእ እንተኾይነ ንምንታይ ንምድራዊ ሥጋ ለበስኩ፧

ንዓይ እንትተፈረዱኒ እሞ ንስጣ ኣብዚ ምድሪ ሳላሳን ሰለስተን ዓመትን ሰለስተ ወርሕን ንምንታይ ተመላለስኩ፧ ንምንታይስ ብዘይነ ሓጢኣት ከም ናይ ደቂ ሰባት ኣብ ሲዕሊ ምድሪ ንመከራ ተቓበልኩ፧

አ! ኣነ እንተደኣ ተኾነነ ኣእጻውኒ ከም ለይባ ንምንታይ ተኣሰረ፧ ምዑጉርትኻ ከም ኩፉእ ንምንታይ ብጽፍዒት ተሃርመ፧

አ! ንዓይ እንተደኣ ተፈረዱኒን ዝሳቐ እንተኾይነ'ሞ ንስጣ ንምንታይ ከም እንሰላ ርእሰኻ ተሃረምካ፧ ከም ኣፍራሲ ሕግስ ንምንታይ ሕቑኻ ተገረፍካ፧

አ! ኣነ ዘይድሕን እንተደኣ ኮይነ ንስጣ ኃፍረተ መስቀል፡ ናይ ርኹሳን ጭራጭን ናይ ኩሓድያን ጸርፍን ንምንታይ ተዓገስኩ፧

36. አ! ብዘየኾነ ምኽንያት እዚ ፍርዲ እዚ ኣይትግበር፡ ኮብ መሞእቲ ደሞነ ዝወጻኹ ኣይትግበረኒ፡

አ! ኣነ እንተደኣ ዲሒነ ናይ ንግድኻ ትርፊ ነኽነውን ኢየ፡ ኣነ ሀያው እንተደኣ ኮይነ ናይ ስቕለትካ ረብሓ ነኽነውን ኢየ። ኣነ እንተደኣ ኣፍቕሰ ናይ ሕማማትካ መኽዘብ ነኽነውን ኢየ፡

አ! ዝኣመነን ዝተጠምቀን ነድሕን ኢየ፡ ዘይኣመነ ድማ ነፍረዶ ኢየ፡ - ዝበልኦ ዘክር፡

37. አ! ንስጣ ናይ እግዚኣብሔር ውሉድ፡ ወዲ ኣምላኽ ኣምላኽ። ወዲ ብርሃን ብርሃን ፡ ወዲ ንጹህ ንጹህ ከም ዝኾነነ፡ ብእኻ ኣመንኩ። ኮብ ጎድንኻ ብዘፈለስ ኮብ ማየ ባሮኻ ተጠመቐኩ። ስለዚ ውን ኩኔን ዝዝበኣኒ እይኮንኩን። ንሓጢኣት እንተተጸባጺብኩ፡ እሞ ኣብ ቅድሜኻ መን ክቐውም ይኽእል፧ ንስጣ ኣቲ ዝኣምንኒ ኩሉ ናይ ዘለኣለም ሂወት ኣለዎ፡ ኢልካ ኢኻ። ምእቲ እቲ ዘይሕሶ ቃልካ ተለመንኒ፡ ሓጢኣት ዘይብልካ ንስጣ ጥራሕ ኢኻ። ንሓጢኣተይ ይቅረ በለለይ። በደል ዘይብልካ ንስጣ ጥራሕ ኢኻ ንበደልይ ኣይትዘክር።

38. ኣነ ቅዱስ መስቀልካ ብምእማን ተኣሚነ ኣለኹ ንመስቀልካ ምምስጋን ንልሳነይን ንከንፈረይን ደስታ ይህቦሞ፡ ንዓይ ንንብረ መስቀል ብሓይሊ መስቀልካ ከም ቅንዕ ጋሻ ከልልኦ።

39. አ! ኣዒንተይ ናባኻ የልዕል ኣለኹ። ኣእጻወይ ውን ዘርጋሕኩ፡ ናይ ሕልናይ ርእሲ ውን ኣልዓልኩ፡ ናባኻ ውን ከሞዚ እንዳበልኩ ጸሞዕኩ፡ ኣብ ምድሪ ሀያዎን ንስጣ ተስፋይ ኢኻ። ብጽሒት ርስተይ ውን ንሰ፡

[1] ማር 16፡16
[2] ዮሐ 3፡16
[3] መዝ 5፡13
[4] መዝ 24፡1 መዝ 122፡1

ኢኻ[103] እዝየ ሓሚመ አለኹ'ሞ፡[104] ናባይ ተመልከት፡ እ! ናይ ሓያላን አምላክ እንተ በደልኩኻ'ውን ንስኻ ጠቕሲልካ አይትገድፈንን፡ እኳኻ ውን ናብ ልመናይ አዘንብል፡[105] ጸሎተይ ውን አብ ቅድሚኻ ናብ አዳራሽ መቕደስካ ትብጻሕ፡[106] ተሰመነኒ፡ ልቦናይ ዝብልካ ውን ስምዓኒ ገጽካ ይደለ አለኹ፡ ገጽካ ነብይ አይትምለስ፡ ሓጋዝየይ ኩኻ አይትግደፈኒ፡[107]

40.ንስኻ ግን ንዘለኣለም ትነብር እኻ፡ መዝክርታካ ውን ንውሉድ ወለዶ አይ፡[108] ንስኻ እቕደምካ ንምድሪ መሰረትካኢ፡ ሰማያት ውን ናይ እድካ ስራሕ እዮም፡ ንሳቶም ክጠፍኡ እዮም፡ ንስኻ ግን ትነብር እኻ፡ ኩሎም ከም ልብሲ ክእርጉ እዮም፡ ከም መጋረጃ ክትልውጦም እኻ፡ ክልወጡ ውን እዮም፡[109] ንስኻ ግን ንዋንታውነትካ መጀምርታ ንመወዳእታ ውን መወዳእታ የብልካን።

ንስኻ ካብቶም ኩሎም ዝተሰወሩ ዝተሰወርካ ኢኻ፡ ከም ፍቓድካ ውን ንርእሰን ንመረታውያን ገለጽካ።

41. ንስኻ አብ ሰማያት አብ የማን አቦካ ተቕሚጥካ እንዳሃለኻ፡ አብ ታሕቲ አብ እደባይ ጲላጦስ ቀምካ።

አብ እርያም ናይ እሳት መጋረጃታት ዝሰውሩኻ፡ አብ ልዕሊ ምድሪ ከኣ ኩሓድያን ንዕራቕትካ ገለጽዎ፡

አብ ላዕሊ ማሕበረ መላእክት ንዘመስጉንኻ፡ አብ ቀራንዮ ግን ማሕበረ ኣይሁድ ይጸርፉኻ።

[103] መዝ 15፡5
[104] መዝ 141፡7መዝ 142፡6
[105] መዝ 87፡3 መዝ 88፡2
[106] መዝ 118፡170
[107] መዝ 26፡7-9
[108] መዝ 15፡5
[109] መዝ 101፡26-27

አብ ላዕሊ አብ ሰማይ ብከንፊ ኪሩቤል እትኾለል፡ አብ ኢየሩሳሌም ግን አኾሊል ናይ እሾኽ ገበርኻ።

አብ ጊርጌላ አብ እሳት ሰረገላ እትቕመጥ፡ አብ ሊቶስጥሮስ ግን አብ ዕንጨይቲ መስቀል ተሰቒልካ። መስቀልካ ውን ብኽብክባብ ደምካ ተቖብኡ፡

4

42. ብደም እምላኹ ዝተቐደሱ፡ ካብ ጎድኒ ፈጣሪኡ ዝወጸ ማይ ዝተጠመቑ ዕንጨይቲ ከመይ ገበለ ኢዩ፧

ንእግራብ ሽት እኾለል፡ ንእግራብ ገዳም ውን ነብራ ገበኦንም ዕንጨይቲ ከመይ ገበለ ኢዩ፧

ንዕጢት ናይ እግዚአብሔር በጊዕ መሰውኢ ገበኦ ዕንጨይቲ ከመይ ገበለ ኢዩ፧

ንእምላኽ እስራኤል ናይ ፋሲጋ መሰውኢ ገበኦ ዕንጨይቲ ከመይ ገበለ ኢዩ፧

ናይ ሳልንታዊ ናይ ምስጢር ወይኒ መፈልፈሊ ገበኦ ከመይ ገበለ ዕንጨይቲ ኢዩ፧

ካብኡ ንምእመናን ንምሕታም ገበኸውን ንናይ ሕማን ስርዓትን ደም ዘንጠብጠበ ዕንጨይቲ እንታይ ዓይነት ኢዩ፧

ንቡሩኻት አባጊዕ ንመሕጸቢ ገበኸውን ምንጨ ዘውጽአ ዕንጨይቲ እንታይ ዓይነት ኢዩ፧

ንምድሪ ዝቖደሳ፡ ንሰማይ ዘማዕተባ፡ ንኹሉ ዓለም ውን ብእኻ ብወልዲ፡ ብመንፈስ ቅዱስ በረኸት ዝባረኸ ዕንጨይቲ ከመይ ገበለ ኢዩ፧

ሰማያውያን ምስ ምድራውያን ዘሓዋወሶም ዕንጨይቲ ክመይ ዝበለ ኢዩ፤

ንአኖም ካብ ሲሕተት ዘድሓና፣ ንሄዋን ውን ካብ ጻዕረ ሞት ነጻ ዘውጽአ ዕንጨይቲ እንታይ ዓይነት ኢዩ፤

ብዘዕባኡ እቐዲሙ አብ አራትን ብኽብያት ዝተነግረ፣ ብሃዋርያት ውን ብጋህዲ ዝተሰብኩ ዕንጨይቲ ክመይ ዝበለ ኢዩ፤

ንዝተኸልም ዝበተናም፣ ንዝአመንም ውን ዝአከቦም ዕንጨይቲ ክመይ ዝበለ ኢዩ፤

ንዚተ ክርስትያን ውን አብ ልዕሊ ሃይማኖት ኢየሱስ ክርስቶስ ዝመሰረታ ዕንጨይቲ ክመይ ዝበለ ኢዩ፤

ንአልሜ ዘመቀረ ንርኩስ ውን ዘንጽሐ ክመይ ዝበለ ዕንጨይቲ ኢዩ፤

ንድኻ ልዕል ዘበለ፣ ንበደለኛ ውን ዘጽደቐ ክመይ ዝበለ ዕንጨይቲ ኢዩ፤

ንድኹም ዘበርትዑ፣ ንሕመም ውን ዘድሓነ ዕንጨይቲ ክመይ ዝበለ ኢዩ፤

ንወሓድ ዘብዝሐ ንሰነፍ ውን ጥበቦኛ ዝገበረ ዕንጨይቲ ክመይ ዝበለ ኢዩ፤

ነታ መንነን ወላድ ዝገበረ፣ ንጸልማት ውን ዘብርህ ዕንጨይቲ ክመይ ዝበለ ኢዩ፤

ናይ ኩሉ ዓለም መመኽሒ ዝኾነ ዕንጨይቲ ክመይ ዝበለ ኢዩ፤

43. ንልብና እንቂሕና፣ ንዓይንና ገሊጽና፣ ንክናፍርና ውን ኣሐጉሰና ንናይ መስቀል ምስጋና ልዕል ከነብል ኢና።

አ! ጉይታ ናይ መስቀልካ ምስጋና ንዝደቀሱ እንቂሑ ምስ ትጉሃት ማሕበር ሓደ ኮይኖም ንኽመስግኑ ይግብሮም፣

44. ናይ መስቀልካ ምስጋና አብ ኩሉ ዝመልኡ ንልቦና ውን እዝዩ ዘደንቕ ኢዩ፣ ናይ መስቀልካ ምስጋና ንዘንብዩ ዝጥዕሙ፣ ንዝሰምዕዎ ውን ዘስደምም ኢዩ።

ናይ መስቀልካ ምስጋና ንዝአምነካ መሰንቀኡ ንገቦኽሕደካ ውን ተግሳጹ ኢዩ፣

ናይ መስቀልካ ምስጋና ንዘፍቅረካ እንዝራኡ፣ ንዝጸልኣካ ግን ጸርሩ ኢዩ፣

ናይ መስቀልካ ምስጋና ዝኾረመ ወይኒ ነዎ ዝሰተየ ኩሉ ንልቢ የሐጉሰንገረ መስቀልካ ብስነፋት ጸርፊ፣ ብወገን ጠቢባን ግን ትምክሕቲ ኢዩ፣ ጳውሎስ "ቃል መስቀል ነቶም ዝጠፍኡ ዕሸነት፣ ንዓና ነቶም እንድሕን ግን ሓይሊ እግዚኣብሔር ኢዩ"[110] ነዎ ዝበሎ ኢዩ፣

45. ናይ መስቀልካ ምስጋና የብርሃልና፣ ንደቂ እስራኤል ካብ በረኻ ሲይር ከሳብ ቃዴስ ምድረ በዳ ነዎ ዘብርሃሎም ዓምዲ እሳት[111] መራሒ ይኹንና። እምበኣር ከሰ ዝበርተዑት የማንቱ ልዕል ዝበሰት ኢድካ አብ ኩሉ ዘመን ሂወተይ ትምርሓኒ።

አ! ጠቢበ ጠቢባን ንአዒንተይ ክፈት፣ አብ ውሽጢ ሕማሻ ድንቅ ነገራት መታን ክርኢ፣ ኣነ አብ ልዕሊ ኩሉ ምድሪ ሰይተኛ[112]፣ ነዎ

[110] ፩ኛ ቆሮ 1፡18
[111] ዘፃ 14፡24
[112] መዝ 38፡14

እቦታ-ተይ መጻእተኛ ኢየ[113]፡ ናብ እቲ ዘይምለስሉ ቅድሚ ምኻደይ ኣዕርፈኒ፡[114]

46. ብናይ ጥፍኣት ሰይፍ ከይተቐረጽኩ ንናይ ንስሓ ፍረ ንኸፍሪ ግበረኒ፡

ልሳነይ ብሞት ከይተዓጽወ ቅድሚኡ ናይ መስቀልካ ምስጋና ንነዛረብ ኣብቅዓኒ፡

ቡቲ ዘይፍታሕ ሰንሰለት ቅድሚ ምእሳረይ ናይ ደጊኻ ኣፍ ደገ ንኸነሕሕኩሕ ኣብቅዓኒ፡

ዕዳጋን ንብረትን ቅድሚ ምውድኡ ንነብሰይ ዝጠቕመኒ ንምሸማት ኣብቅዓኒ፡

ናይ እቲ መርዓዊ ኣፍ ዴገ ቅድሚ ምዕጻዉ ንናይ መብራህቲ ዘይቲ መታን ክገዝእ[115] ኣብቅዓኒ፡

ኣውያት ቅድሚ ምኻኑን መሰንኩት ውን ቅድሚ ምንፍሑን ንመንገደይ ሰንቲ ንኹዳኡ ኣብቅዓኒ፡

ንምዝራብ ዘይከኣል ሰቕታ ቅድሚ ምምጽኡ ብምስጋና መታን ክዕሸግ ዝበቓዕኩ ግበረኒ፡

ኣባኻን ኣብ ቅዱስ መንፈስካን መታን ክነብር ዝበቓዕኩ ግበረኒ።

ንናይ ወንጌልካ ፈለማ ንኽነሥኦል፡ ኣብ መስቀልካ ውን ንኽምርኮስ ኣብቅዓኒ።

[113] መዝ 118፡18
[114] መዝ 38፡13-14 መዝ 29፡12-13
[115] ማቴ 25

ነም ደናግል ደድሕሬን ንኽነሥኦተላን ነም ዘብቃዕነዮን[116]፡ ንሕማማትካ ሱታፌ ንኽሸከሙ ነም ዝገበርነዮም ነም ስማእታት፡ ንናይ መስቀልካ አርውት ንኽልዕሉ ዘብቃዕነዮም ነም ጻድቃን ብሸቱ መአላ ዝጠለልኩ ግበረኒ።

47. ንናይ መስቀሉ ሞት ዝተቐበለ ኩሉ ናይ እዚ ዓለም መካራ፡ ሽግር፡ ሲቓይን ጭንቀትን ኣይትንክፎን ኢዩ። ንስኻ ኣብ ወንጌል "ንናቱ ከድሕና ዝደሊ እንተሎ ነዋፋኣ ኢዩ፡ ነብሱ ምእንታይ ዘጥፍኣ ኩሉ ግን ክረኽባ ኢዩ"[117] ከም ዝበልካ፡ "ሰብ ኩሉ ዓለም ረቢሑ ንናፍሱ ግን እንተኣጥፋኣ እንታይ ይጠቕሞ"[118] ዝፈረሐ ኣለኹ እሞ ኣብ ነፍሰይ ካብ ምጥፋእ ኣድሕኒ፡ ብችንካራትካ ልበይ ዝጸንዐ ኢዩ። ልበይ ንምስጋናኻ ዝተግህ ኢዩ። ፍቕርኻ ካብ ትሀኪት ድቃስ የንቅሓኒ፡ መስቀልካ ውን ንምውዳስ ንዓይን ልቦናይ ይገልጸለይ።

48. መስቀልካ ዘይነቅገ ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልካ ዘይዋጋእ [ዘይነቅጽ] ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀላኻ ዘይጠፍእ ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልካ ናይ ጸሓይ ሙቐት፡ ናይ ንፋስ ምህራም ዘየድርቖ ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልካ ማያትን ናይ ንፋሳት ምንዋጽን ከነዋውጽዎ ዘይከኣሉም ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልካ ናይ ባሕሪ ማዕበላት ክነፍዕዎ ዘይከኣሉም ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልካ ናይ ዝናባት ነብደት ክድርብይዎ ዘይከኣሉም ዕንጨይቲ ኢዩ፡

[116] ማቴ 27፡55
[117] ማቴ 10፡39
[118] ማቴ 16፡25-26

መስቀልነ ርኩሳን መናፍስቲ ክቫርብዎ ዘይክሉሎም ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልነ ካብ አብ ማእከል ገኑት ዘለዉ ዝመስሉ ዘየለ፡ ካብ ናይ በረኻ ዕንጨትታት ዝመፃረዮ ዘይብሉ ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልነ ካብ ማእከል አርዘ ሊባኖስ ዝመስሉ፡ ካብ ማእከል ምርሰኒም[113] አግራብ ዝመፃረዮ ዘይብሉ ዕንጨይቲ ኢዩ፡ ናይ ኢላጢናስ[114] አግራብ ከም ዘበጀኾሉ ኣይኮነን፡ ናይ ቂድሮን[115] አግራብ ብመልክዕ አይመፃረይዎን፡ ናይ ጸውቲና[116] አግራብ ውን አይመሰልዎን።

መስቀልነ አብ ልዕሊ ኾልኣት አግራብ ዘይምኻሕ ልሰሉሰ ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልነ አብኡ እግዚአብሔር ልዕል ክብል ዝፈተዎ ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልነ ካብ ጪናፍር ንናይ ወይኒ ዝናም ዘውረደ ዕንጨይቲ ኢዩ። ይመንኡ ውን ካብ አርያም ዝኾነ ናይ ብርሃን ደመና ኢዩ። ንሱ ውን እምላኾናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ኢዩ። ምእመናን ውን ካብኡ ንዝወርድ ናይ ምሕረት ዝናብ ከም ዝረውዩ ገበረ። ካብኡ ውን ምእመናን ንናይ ጥምቀት ማህተም ወሰዱ። ገጾም ብትእምርተ መስቀል አብ ዘማዕተብኡ ግዜ'ውን ሰይጣን ካብ ቅድሚኦም ይሃድም። ናይ ሓዋርያት ትምህርቲ "አዘውትርነ ንገጽነ ብመስቀል ንምምዕታብ ትጋህ" ናይ መስቀል ትእምርቲ አብ ልዕሊ ሰይጣን ናይ ሕማም ምልክት ሰለዝኾኑ"[117] ከም ዝበሉ።

49. መስቀል አብ ዘለዎ ኩሉ ንልቡ ይሃርሞ፡ ንመስቀልነ አብ ዝገመረሉ ግዜ ሰይጣን ንንዝሃድም ይጭነች፡

[114] ናይቲ ዘቱ ዕንጨይቲ ሻርሰነት ወይ ውን አደስ [ኩመክ ገጽ 611]
[115] ቁመቱ ሃድኡ አጀጀሪቱ ዕፋሕቲ ፍሪኡ ኩሉ መድሃኒ ዝኾውን ገረብ [ኩመክ ገጽ 222]
[116] ናይ ልማሰስ ገረብ [ኩመክ 784]
[117] ከም ጽሑፋ ሄድሮ ዘዎነ ዝክል ገረብ [ኩመክ ገጽ 905]
[117] መጽሓፈ ስንዖሎተፈስሉ ውሉድኡ ንንቀጽ 47

50. እወ ነብያት ናይ መስቀልነ ምልክት አርእዩ፡ ሙሴ ናይ መስቀል ምልክት አብ ራፊድ ምድረ በዳ ሰርሐ። ንኢያቡ ንአማሊቃውያን ገኸወገአም አዘዙ ንሱ ናብ እምባ ወጸ፡ ንክልቲኡ ኢዱ ዘርጊሑ ውን ብእምሳለ መስቀልነ ልዕል አቢሉ ካብ ንግሆ ክሳብ ምሸት ጸንሐ። አእዳዉ አብ ዘወርደሉ ግዜ አማሊቃውያን ይሰዕርዎም፡ እስራኤል ውን ይሰዓሩ። አእዳዉ አብ ዝዘርግሓሉ ግዜ አማሊቃውያን ይሃድሙ፡ እስራኤላውያን ውን ይሰዕሩ። አሮንን ሆርን ውን ንአእዳዉ ተሰኒሞም ወዓሉ፡ ናይ ሙሴ አእዳው ውን ክበድቲ ነበሩ። ስለዚ ውን ንአእዳዉ ከይወርዱ ዓብይቲ አእማን ብዮማንን ጸጋምን ገበርሉ።

51. ብእምሳል መስቀልነ ብዝተዘርግሐ አእዳው አማሊቃውያን ተሳዓሩ[118] ከምኡ ድማ ንዝጸልኡኒ ብሓይሊ መስቀልነ ጸልእዮም፡ ንናተይ ውግእ ውን ባርኽ።

52. ከምኡ ውን ሙሴ ብናይ መስቀልነ ምልክት እስራኤል ካብ ግብጺ ክወጹ፡ ናይ ያዕቆብ ወገናት ውን ካብ ጸላእቶም ክሳቕኞ አርእዩ፡ ሓደ ግዜ ንባሕሪ ብበትሩ ንቅድሚት ሃረሞ፡ እንደገና ውን ንጋድም ሃረሞ፡ በዚ ውን ናይ መስቀል ምልክት ኮነ ማይ ውን ከም መንደቕ ብገኽልቲኡ ወገን ደው በለ። ደቂ እስራኤል ውን ብማእከሉ ሓለፉ። ንዓይ ውን አብ ማእከል ባሕሪ ጥፍኣት ናይ ጸድቅን ህይወትን መንገዲ ጸረገለይ፡ ብሓይሊ መስቀልነ ውን ቅዘፈይ።

53. እንደገና ውን ሙሴ ብበትሩ ኑቲ ከውሒ አብ ዝሃረመሉ ግዜ ንናይ መስቀል ምልክት አርእዩ። ሓደ ግዜ ናብ ቅድሚት ሃረሞ፡ እንደገና ውን ንግድሚ ናብ ናይ እግዚአብሔር አጋር ናብ ዝቐመሉ ዮማን ጸጋም ሃረሞ። ካብቲ ከውሒ ዝነቱ ጽሩይ ማይ ወጸ። ብምልክት መስቀልነ እዚ ተአምር ተገብረ። ሕጂ ውን ንርኽሰተይ ንምንጻህ መታን ክገሸውን ብሓይሊ በትሪ መስቀልነ ንዓይ ማዩ ህይወትነ አፍልቐለይ።

[118] ዘጸ 17፡8-13

ንዑዳ ሓጢኣተይ አብ ዝኾነ ይኹን ኣሕሊፍካ ኣይትሃበኒ፡ ምእንቲ እቲ ዘፍቅረካ፡ ኣብርሃም፡ ምእንቲ በዓል ውዕለትካ ደሲሐኺ፡ ምእንቲ ቅዱስካ እስራኤል ኢልካ ዝጸዋዕካዮ፡ አብ ቅድሚኻ እሙን ኮይኑ ዝተረኽበ ምእንቲ ሓዊት፡ ምእንቲ ምምጻእካ አብ ኩሉ ዓለም ዝነበርኩ ምእንቲ ኣብያት፡ ምእንቲ ቅዱስ ወንጌልካ ምምስኻር ኮብሉ ከም ቀርኒ መለኾት ምእንቲ ዝጨረሑ ሃዋርያት፡ ኮብ ኩሉ ንላዕሊ ድማ ወላዲተ አምላኽ ምእንቲ ዝኾኑት ስለ ቅድስት ድንግል ማርያም፡ ምእንቲ ቅዱሰን ብሩኽን ዕንጪይቲ መስቀልካ ኢልካ አብ በረኾትካን አብ በረኹት ሰማያዊ አቦኻኽ አብ በረኹት ማኅያዊ ዝኾነ መንፈስካን ውን ቅድሚ ዓለም ጀሚርም ደስ ብዝበሉኹ[1] ብበረኹት ኩሉም ቅዱሳን ዜርኽኒ።

54. እወ ጽድቂ ኮብ ዋሊታ ይኽበጉ[2] ንምሕረትካ ዝእምኑ ኩሉም ውን ይምዝምም።

እወ ሰማያትን ናይ ሰማያት ሰማያት ውን ብትእዛዝኦ ተሰቐሉ፡ ምድሪ ውን ብቓልካ አብ ልዕሊ ማይ ጸንዐት፡ ጸሓይን ወርሕን፡ ከዋኽብትን ብትእዛዝኦ የብርሁ። መላእኽቲ አብ ቅድሚኻ፡ ናይ መላእኽቲ ምሲጋና ውን ብቓል አፍካ ዝኾነ፡ ኢዮም። ኮብ ኩሉ ሰብ ንአዳም ልዕል አበልካዮ። ብኢድካ ውን ሰራሕካዮ፡ በቲ ዘይጠፍእ መልክዕካ አምላል ውን ሰላልካዮ፡ ንናይ ሕይወት መንፈስ ውን አብ ገጹ እፍ በልካሉ፡ ንኹሉ ውን አብ ትሕቲ እግሩ ኣግዝእካሉ፡ አባጊዕን ላምን ኩሉም፡ ናይ በረኻ እንስሳታትን ናይ ሰማይ አዕዋፍን፡ ናይ ባሕሪ አዕዋፍን አብ ውሽጢ ባሕሪ ዝንቀሳቐሱ ኩሉምን፡ አዳም ህይወት ዘለዎ ኩሉ ዝሰየሞ ሰሙ ከምኡ ኮነ።

55. አዳማ ኮብኡ ንኾይብልዕ ንዝእዘዝኮዎ በሊዑ አብ ዝበደለሉ ግዚ ኮብ ደስታ ሹቱ ወጹ፡ ንሰኻ ግን አዳም ንዕዕ ብምብላዕ ንዘምጽኦ ፍዳ ክብርን ማጎያዊ ብዝኾነ መስቀል ከፈልካሉ። ማጎያዊ ምእንቲ ዝኾነ ሕግግተ መስቀልካ ክትብል ናተይ ዕዳ ክፈለለደ፡ ንሓጢኣተይ ኩሉ

[1] ዮሓ 17፡5
[2] መዝ 95፡5፣144

ይምስክ፡ እንደገና ውን ንአቦና ናህ ድሕሪ ማይ አይሂ ንምድሪ ሓደስካሃ፡ ንዕኡ ውን ንምድሪ ከይትርገም፡ ብማይ ውን ንኾይትጠፍእ ማሕልኩልካ፡ ዝናብ አብ ዝኾነሉ ግዚ ኩሉ ንቀስተይ አብ ልዕሊ ደመና ክሸይሞ ኢየ፡ ደመናታት ውን ንምድሪ ከየዋፍኡ አብ ዝተዳለውሉ ግዚ አነ ናይ ቃል ኪዳንይ ምልክት ክርኢ ኢየ፡ ምሳኻ ዝኣተኸም ቃል ኪዳን ክገብጽር ኢየ፡ እንደገና ንዓለም ብማይ አይሂ አየጥፍእን ኢየ፡[1] ኢልካ መሓልካሉ።

56. ሕጂ ውን አብ ልዕለይ ናይ ኪዳን ምልክት ዝኾነ መስቀልካ ግበር፡ ንሱ ምስ ቅድስት ቤተ ክርስትያን ዝገበርካዮ ምልክት ቃል ኪዳን ኢዩ። ቅዱስ መስቀልካ አብ ኢድ ምእመናን ዘሎ ዝሰዕርሉ ኩናት ኢዩ። ቅዱስ መስቀልካ ንዓማሸያን ዘጥፍኦም ቀስት ኢዩ፡ ንዓይ ግን ናይ መስቀልካ ሓይሊ ሒጋዚ ይኹንሄ። እንደገና ንይሁሓቕ ወዱ ክሰውእ ናብ መሰውኢ ቦታ አብ ዝወጸሉ ግዚ ምስ አብርሃም ቃል ኪዳን ገበርካ ንመሰውኢ ውን ዕንጪይቲ ፈለጸ፡ አብ መንኩቡ ውን አሰነሞ፡ ደሱሓቕ ውን ንአብርሃም "እንሆ ንመስዋእቲ ዝኾውን ዕንጪይቲ አሎ፡ ሓዊ ውን አሎ፡ ዝስዋእ በጊዕ ግን አበይ አሎ፡ አቡ ሓተቶ፡ አብርሃም ውን "ወደይ ንቲ በጊዕ እግዚአብሔር ኮኖልዎ ኢየ" በሎ።

57. ናይ ትንቢት መንፈስ ብናይ ኽልቲኦም ልሳን ይዛረብ ደሱሓቕ ብዛዕባ ምድራዊ በጊዕ ኩሓትት ከሎ "ንመስዋእቲ ዝኾውን በጊዕ አበይ አሎ፡ " በለ። ናይ'ቲ ትንቢት ትርጉሚ ግን ንቃሉ ናብ ወልድ እግዚአብሔር ይመልሶ፡ አብርሃም ውን "እግዚአብሔር ንቲ በጊዕ ኮኖልዎ አይ፡" በሎ። እዚ ውን ብዛዕባ መስዋእቲ ወዱ ተዛረቡ፡ ናይ እቲ ትንቢት ትርጓሚ ግን ናብቲ ሰማያዊ በጊዕ አየ ዝመልሶ። ደሱሓቕ አቡኡ ንዕኡ ዝስውኡሉ መሰውኢ ዕንጪይቲ ሒዙ ምጉዛኡ ብወገን አዲኡ አቦታቱ ዝኾኑ አይሁድ አብኡ ንኾኑውኡዎ ንመስቀሉ ተሸኪሙ ናብ ቀራንዮ ዝኾደ ናይ መድሕን ምሳሉ ኢዩ። ናይ ጥበብ ምንጪ ዝኾነ ጸውሎስ ውን "ሕጊ ክርምም ብርዓት ውን ነይርዎም ፡ ንዕአሎ፡ ውልድ መታን ክኾኖም ተስፋ ሃቦሎ፡ ንሱዮም አቦታትና ኢዮም፡ ካብአም ውን

[1] ዘፍ 9፡8-17

ክርስቶስ ተወሊዱ ኢዩ[128] በለ። ደብረ ማሲኖግ[129] ናይ ቀራንዮ ምሳሊ ኢዩ። አብ ክንዲ ደሱሓቕ ዝተሰውአ በጊዕ ውን ናይ መድሓኒና ምሳሊ ኢዩ። ኢሳይያስ "ናብቲ ዝወስድዎ ሰፍራ ከም በጊዕ ክሰዋእ መጺ። አብ ቅድሚ ሓረድቱ ሰቓ ከም ዝብል በጊዕ አብ ግዚ ሕማሙ ንአፉ አይከፈተን፡ ክፈርድዎ ወሰድዎ፡ ንልደቱ መን ይፈልጥ፧ ምእንቲ ሓጢአት ህዝቡ ንሞት ተዋህበ[130] በለ።

58. ደሱሓቕ ውን ናይ አቡኡ ካራ አብ ልዕሊኡ አብ ዝተዘርግሐ ግዚ አብ ልዕሊ መሰውኢ ተጋዲሙ እቲ ዝኾነውን ነገር ተረድኡ፡ አብ ክንድኡ ኩብ እግዚአብሔር ዝመጸ በጊዕ ሰለ ዝተሰውኡ። ደሱሓቕ አይሞተን፡ ከምኡ ድማ መስዋኑት ውን ምስ ሲጋ አብ መስቀል አብ ዝሞበረሉ ግዚ ህያው ደኣ እምበር ናይ መስቀል ሕማማት አይረኸቦን። ደሱሓቕ ምስቲ በጊዕ ነም ዘይተሓረደ ኩሉ መለኮት ውን ምስ ሲጋ አይሓመመን፡ ነገር ግን ምስ ሲጋ ሓደ ኮይኑ ነይሩ ደኣ እምበር፡ ንሰሙታ ዓይኒ ዝኣክል ውን እንተኾነ፡ ንሓንቲ ሰዓት አይተፈለየን፡

እ! መለኮት ኩብ ሥጋ ዘይተፈልዩ፡ ንዓይ ንእገሊኃኒ ፍሥሐ ክርስቶስ ኩብ መጓሰ ንጹሃን አባጊዕነ ንኾፍስ አይትግበረኒ፡

59. ያዕቡብውን ንኤፍሬምን ምናሴን አብ ዝባረኾሉ ግዚ ምልክት መስቀል አርእየ። ዮሴፍ ንምናሴ ብጸጋማይ ንእስራኤል ብየማኑ ደው አበሎ፡ ንኤፍሬም ውን ብየማን ኩብ እስራኤል ብጸጋም ደው አበሎ። እስራኤል ውን ንእዳዉ አመሳቕለ እሞ የማናይ ኢዱ አብ ልዕሊ ርእሲ ኤፍሬም ፡ ጸጋማይ ኢዱ ውን አብ ልዕሊ ርእሲ ናይ ምናሴ ዝረረ። የሲፍ ድማ ንእስራኤል "እቲ ዝበልጽ እዚ ኢዩ እሞ የማናይ ኢድካ አብ ልዕሊኡ ግበር" በሎ። እስራኤል ውን "ወደይ ፈሊጠ

[128] ሮማ 5፡6-8
[129] ዕብ ገዮርዛስ አብርሃም ገመዱ ከለመኡ ዝመሰደስ ነቲ ደብረ ማሲኖ ኢሉ ደጽውዮ። መጽሓፍ ቅዱስ ንአህጉኢኡ ምድሪ ሞርያ ኢዩ ዝብሉ [ዘፍ 22፡2] ማሲኖ ማለት ብግእዝ ናይ ጥፍኣት ገነ ማለት ኢዩ። እታቲው ደገል እዚ ደብረ ሐረግ ንክብል ይታ ጠራ እዩ ዝኾውኑ ነገር ግን ሐረግ ክብል ነን ማሲኖ ክብል ዝርጋም ጥፍኣት ክብል ኢዩ።
[130] ኢሳ 53፡6-8 ሚሊዋ ኢሳ 53፡33

ለለኹ፡ እዚ ድማ ዓብይ ህዝቢ ክኾነውን ኢዩ" በሎ።[131] እስራኤል ውን በረከት ብምልኣት መስቀል ነም ገጸንዕ ፈለጠ።

60. በዚ ምኽንያት ውን ንእዳዉ ብእምሳል መስቀል ገበረ። ነምኡ ድማ ንኮስና ንድንግል ልብና ብቕዱስ መስቀልነ ባርኮ። አብ ልዕሊኡ እስራኤል ዝተዛህለ ያዕቡብ በረከት፡ ንዕኡን ንዝርኡን ዝተዋህቦ ናይ ጸጋ ሃብቲ ኩሉ መታን ኩሓድሮ ናይ ንግስነትን፡ ክህነትን፡ ትንቢትን ዘይቲ ኩብኡን፡ ኩብ ዘርኡን፡ ኩብ ደቁ ደቁ ውን መታን ከይጠፍኦ ለዓለመ ዓለም ኣሜን።

61. ንክቡር መስቀል ዝተዋህቦ ናይ ጸጋ ሃብቲ ክሳብ ክንደይ ዝኣክል ኢዩ!

መስቀልነ አብ ግዚ ውግእ ናይ ኩናት መሳርሒ፡ ንወታሃደራትነ ውን ናይ መለኮት ሰይፊ ኢዩ፡

መስቀልነ አብ ግዚ ኞልኢ ንማዕከሉ ዝሃርም፡ ንማንቢ ሓጢኣት ውን ዘፍርስ ኢዩ፡

መስቀልነ ንዝኾነታማት እቦ ንመባስታት ድማ ዳኛ ኢዩ!

መስቀልነ አብ ባሕሪ ንዝሞቱነቹ ዘሀድኡ አብ ምድረበዳ ንዝንከራተቱ ውን ወደብ ኢዩ፡

መስቀልነ ንዕውራት መራሒ፡ ንሓንነኦት ምርኩዙ ንድኹማት ውን ሓይሉም ኢዩ፡

መስቀልነ ንህጻናት ምእመናን ብእጥባት ቤተ ክርስትያን ዘዕቢ ዕንጨይቲ ኢዩ፡

መስቀልነ ንንገስታት እንኪል ኢዩ፡

መስቀልነ ንክርስቶሳውያን ትምክሕቶም ኢዩ፡

[131] ዘፍ 48፡13-14

መስቀልካ ንጠንቀልቲ ዘዮፍእ፡ ፈላጣት እና ንዝብሉ ውን ዝበትን ኢዩ፡

መስቀልካ ንዝሃናት ሸሙቶም፡ ንድያቆናት ውን ናይ ተልእኽእም ሽልማት ኢዩ፡

መስቀልካ ንዝወደቑ ዘተንስእ፡ ንዝደንኸሙ ውን ነም ዋልያ ዘጉይዮም ኢዩ፡

መስቀልካ ንመርዓትካ ንቤተ ክርስትያን ጽላላ፡ ኣብ ምኩራብ ንዝፈታሕካያ ውን ምልክታ ኢዩ፡

መስቀልካ ብኢሉ ንዝእመኑ ናይ እምነት መሰረት፡ ናይ ሃይማኖት ውን ዓምድ ኢዩ፡

መስቀልካ ንኹሉ ጥንቀላ ዘርሕቹ ንኹሉ ጸላኢ ሰናይት ውን ዘዋፍእ ኢዩ፡

ብመስቀልካን ብናይ ቁዋዐ ሰይፈ ንናይ መስቀልካ ጸላእቲ በትኖም፡ ንናይ መለኮትካ ወንጌል ከዋፍኡ ዝደልዩ ኩሎም ካብ ገጽ ምድሪ ዝጠፍኡ ይኹኑ፡

62. ኦ! ጉይታ ንናይ ኣይሁድ ሓይሊ ኣድክም፡

ኦ! ጉይታ ንናይ ኣረማውያን ሓይሊ ኣድክም፡

ኦ! ጉይታ ቁዋዓኻ ኣብ ልዕሊኦም ትኹን፡ ናይ ቅንኣትካ ሓዊ ኣብ ልዕሊኦም ትንደድ፡

ኦ! ጉይታ ኣፍርሶም ደኣ እምበር ኣይትህንጸም፡

ኦ! ጉይታ መብረቕካ ኣብርቕ እሞ በትኖም፡

63. ኦ! ጉይታ ዕዮቅን ኩናትን ኣልዕል፡ ንጸላእየይ ንክዋግኡ መታን ክትረድኣኒ ተለዓል፡ መቕዘፍትኻ ውን ኩሉ ግዜ ኣብ ልዕሊ ብእኻ ዝሓፍሩ ይኹን። ናይ ቁዋዐኻ ሰይፊ ወዲ ሕያው እግዚኣብሔር መታን ነብሉኻ ኣብ ልዕሊ ንናይ ነብያት ቃል ሓሶት ኢዩ ኣብ ዝበሉን፡ ኣብ ናይ ሃዋርያት ትምህርቲ ውን ኣብ ዘይኣሙኑ ኩሉ ይኹን። ንሳቶም ብመከርኦም ይምከሑ፡ ብትምኒት ልቦም ይዕበዩ፡ ንስይጣን ኣፍራሱ ዝኾኑ ንሳቶም ኢዮም። ንኢጋንጉቲ ውን መሕደሪ ኮይኖምም ኢዮም'ሞ ብመስቀልካ መዘክርትኦም ካብ ምድሪ ኣጥፍኣዮም። እንደገና ፈታዊኻ ንዝኾነ ንጉሰና ንልብኻ ድንግል ቀልጢፉ ንኽጥፍኦም ንዝኾሮም ውን ንኽድምስስ ኣብቅዓዮ።[1] ኦ! ጉይታ ንጉሰ ልብኻ ድንግል ንሃገሮም ንኽሰባብር ኣብቅዓዮ። ኦ! ጉይታ ንጉሰ ልብኻ ድንግል ንኹሉም ዓመጸኛታት ነም ዝሰዕር ኣብቅዓዮ። ኣብ ዝኾዶ ኩሉ ውን ናይ መስቀልካ ሓይሊ ረዳእን መሕብእን ይኹና። መስቀልካ ብሕብኦ ኮነ ብግልጺ ካብ ዝለዓል ጸላኢ ይከላኸለሉ። መስቀልካ ንኣገልጋሊኻ ፍ/ሥሐ ክርስቶስ ንዝጸልኡም ብመቕዘፍትኻ ምዮፋእን፡ ንዝፈትውዎ ውን ብምሕረትን ቸርነትን ይፍለዮም፡ ለዓለመ ዓለም ኣሜን።

5

64. ኦ! ጉይታ ብመስቀልካ ይምካሕ ኣለኹ፡ ኢዱ ብምልዓሉ ብዙሓት ምሩኻት ነም ዝረኸበ ሰብ ይሕንስ ኣለኹ፡

ኦ! ጉይታ ብመስቀልካ ይምካሕ ኣለኹ፡ ብምስክርነቱ ውን ጽቡቕ ወይኒ ነም ዝረኸበ ሰብ ይሕንስ ኣለኹ።

ኦ! ጉይታ ውሉድ ብኽብሪ ኣብኡ ነም ዝምካሕ ይምካሕ ኣለኹ፡

ኦ! ጉይታ ኣገልጋሊት ብኽብሪ እመቤታ ነም እትምካሕ ይምካሕ ኣለኹ፡

[1] እዚ ኣንሳለጸ መጽሓፉ ዝተገለጸሎ ንጉሥ ልጠ ድንግል ምስ ሰራዊት ውግእ ኣብ ዝጀመረሎም ናይ መጀመርታ ዓመታት ምዉኡ ከንምት ይኽእሪና።

65. አ! ጉይታ ብመስቀልካ ይምካሕ አለኹ፡ ይተእማመን አለኹ ውን፡ ናይ ጥበብ ምንቪ ጸውሶስ "ብዘይታ መስቀል ክርስቶስ ብኻልእ አይምካሕን"[1] ከም ዝበሎ፡

አ! ጉይታ ብመስቀልካ ይምካሕ አለኹ፡ ከምዚ እንዳበልኩ ውን ይእመን አለኹ፡

ብቸንካራት መስቀልካ ንዝተቸንከርካ ንዓኻ ምሲጋና ይግባእ።

ንናይ መስቀል ውርደት ዝተዓገስካ ንዓኻ ምሲጋና ይግባእ።

ንሕማማተ መስቀል ዝተቐበልካ ንዓኻ ምሲጋና ይግባእ።

ናብ መስቀል ንምውጻእ እምቢ ንዘይብልካ ንዓኻ ምሲጋና ይግባእ።

ካብ መስቀል ናብ ሲኦል ንዝወረደካ፡ ንምርኮ ውን ካብ ኢድ ጸላኢ ንዝወሰድካ፡ ንተቓውሚ መንግስትኻ ውን ንሰላቢ ዝሰለብካዮ፡ ንትዕቢተኛ ዲያብሎስ ውን ብመስቀልካ ንዝደርበኻዮ ንዓኻ ምሲጋና ይግባእ።

ብመስቀልካ ንትዕቢተኛ ናብ መሬት ዝደርበኻዮ ምሲጋና ይግብአካ።

ብመስቀልካ ንሞት ዘዋረድካዮ ምሲጋና ይግባእ።

ብመስቀልካ ንጸልማት ዝቐጸዐዮ ምሲጋና ይግባእ።

ብመስቀልካ ንሞት ዝቐተልካ ምሲጋና ይግባእ።

ንኣቹሳቢ ብመስቀልካ ዘቐበልካዮ ምሲጋና ይግባእ።

ብመስቀልካ ንሲኦል ምርኮላ ዝዘመትካያ ምሲጋና ይግባእ።

[1] ዋ 8፡14

ንናይ መካራ ግንቢ ብመስቀልካ ዘፍረስካላ ንዓኻ ምሲጋና ይግባእ።

66. አ! ጉይታ ትሕትናን ንትዕቢተኛታት አውደቐም ናይ መስቀልካ ሓይሊ ውን ንሲኦል ደምሰሳ፡ ብሞትካ ምውታን ህያዋን ኮኑ፡ ብትንሳኤኻ ውን ሰቐልትኻ ሓፈሩ። ብናይ ኢድካ ችንክር ከብዲ ጸላኢ ተሃርመ። ብኩናት መስቀልካ አውራ ተወግአ። ብሰይራ መለኮትካ ርእሲ ናይ መልአከ ሞት ተቖርጸ። ብሓይሊ በትርካ ውን ናይቲ ተመን ርእሲ ተኣሰረ። ንስኻ ብመስቀልካ እቲ ዓብይ ዝበል አስርካዮ። ብሞራኡ ንናይ ዓለም ግቦታት ደሲሕካ፡ ንጽንዓት ውን ደስዕር ነይሩ። ብእቐርንቱ ውን ንናይ ዮርዳኖስ ውሓዚ ይመጽዮ ነይሩ። እይፈስስን ውን ነይሩ። ዓይኑ ድሕሪ ምንሳሉ እቲ ሽውዓተ መዓልቲ ይእኽብ ነይሩ። አብ ቅድሚኡ ውን ዝኾነ ኪኢሉ አይቀውምን ነይሩ። ንስኻ ግን ብመስቀልካ እዋሪድካዮ፡ ኑቲ ሩባ ውን መላእኽቱ፡ ንእፍንጭኡ ውን ከም ዑፍ እንቐርነዮ፡ አብኡ ድማ ቀስበት ገበርካሉ። ንምሩኻት ሲኦል ተረእኻዮም፡ ንፎፍራ ገሃንም ውን ሕፍረት አልበስኦዮም።

67. ዘብከዩ ዝከቡ በኽዩ፡ እሪም በሉ፡ ዘቐስሉ ዝከቡ ውን ቀስሉ፡ ዘሕምሙ ዝከቡ ውን ሓመሙ፡ ዝበኽዩ ተሓጎሱ፡ ዝን ዝበሉ ውን ካብ መጠን ንላዕሊ ተሓጎሱ።

68. ብመስቀልካ ዝተኣስሩ ተፈትሑ፡ ሕሙማት ውን ተፈወሱ፡

ብመስቀልካ ናይ አዳም መርገሙ ተሳዕረ፡ ሄዋን ውን ናጻ ወጸት፡

ብመስቀልካ ናይ ጸልማት መጋረጃ ተተርተረ፡ ናይ ብርሃን ግርማ ውን ሰፍሐ፡

ብመስቀልካ ናይ ሓጺን እፍ ደገ ተሰብሩ፡ ናይ ብረት መዕጸዊ ውን ተቑጥቁጡ፡

ብመስቀልካ ናይ ኸት እፍ ደጌታት ተኸፍቱ፡ ዕረፍቲ ውን ተነጽረ

ብመስቀልነ ናይ እራት ቃል ተፈጸመ፣ ናይ ትንቢት ቃል ውን ተሓትመ፣

ብመስቀልነ ናይ ሰላም ዜና ተሞህዘ፣ ሃዋርያት ውን ንእዘዝብ ንምጽዋዕ ተለእኹ፣

ብመስቀልነ ናይ መለኮት ወንጌል ተሰብዘ፣ ምእመናን ውን አመኑ፣

ብመስቀልነ ኢትዮጵያውያን አብ ቅድሚኻ ሰንዱ፣ ጸላእትኻ ውን ሓመድ ይቐሕሙ።[ነ]

69. ብመስቀልነ ኮብ ምብራቕ ጸሓይ ክኣብ ምዕራብ ክኣብ ሰሚን ውን ንቕዱስ ስምነ አኮቴትን ምሲጋናን ይቐርበልኻ፣ ንሕና ውን ምእንቲ ቅዱስ መስቀልነ ብሩኽ ንገርኹ ስምነን ንባርኽ አለና፣ ንቕዱስ ስምነ ውን ንቕድሰ አለና፣

ብመስቀልነ ንልቡል ስምነ ልዕል ልዕል ኑብሉ አለና፣

ብመስቀልነ ንክብር ስምነ ነንኑበሮ አለና።

70. ብዛዕባ መስቀልነ ንስኻ ንእምላኽ አቦታትና ብፈታዊነ ብሙሴ ልሳን ንደቂ እስራኤል ከምዚ በልካዮም፣ "ንሳቶም ወለዶታቶም አብ ዘፈርፈር ጫፍ ልብሶም መታን ክንብሩ፣ አብ ኩሉ ዘፈርፈር ውን ሰማያዊ ፈትሊ መታን ክንብሩ፣ እዚ ምልክት ይኹንክሙ።"[ነ] ንሕና ዝተጠመቕና ውን መታን ኮብ ዘይተጠመቑ ዝተፈለና ክንክውን፣ ዕንጨይቲ መስቀልነ ምልክት ገበርናዮ።

71. ማንኛዊ ብዝኸነ ብሕማማት መስቀልነ ንዓለም መታን ክትብጅ ወዲ ኮብ ዘይትፈልጥ ኮብ ቅድስት ድንግል ሰብ ገበነነ ወዲ እግዚአብሔር ንስኻ ኢኻ።

[ነ] መዝ 71፥9
[ነ] ዘኁ 15፥38

ብመስቀልነ ትንሳኤኻን ተስፋ ዝሃብኮና ናይ እግዚአብሔርን ሰብን ንስኻ ኢኻ። ቅድሚ ምስቃልነ ውን ነምዚ በልካ "ሙሴ ናይ ኑሓሲ ተመን ነም ዝሰቐለ ነምኡ ድማ ብእኡ ዝእምን ኩሉ ናይ ዘለኣለም ሂወት መታን ነዝወርስ ደኣ እምበር ወዲ ሰብ ነዝሰቐልን ነመውትን ይግብኣ'ዩ።"[ነ] አብ ሳላሳይ መሳልቲ ድማ ነትንስኤ ኢዩ[ነ] ሙሴ አብ ምድረ በዳ ዝሰቐሎ ናይ ኑሓስ ተመን አብ ነንዳኻ ዝተሰቐለ አይትኖን ብዘሳሰሉ መስቀልነ ደኣ ተሰቒለ እምበር፣ ሙሴ ንናይ መስቀልነ ምሳሌ አብ ልዕሊ ዕንጨይቲ አብ ዘጋደሞ ናይ ኑሓስ ተመን አርእየ፣ በዚ ዝተላዕለ [ሙሴ] አብ ዘቕሞ ዕንጨይቲ ናይ ኑሓሲ ተመን አመሳቒሉ በዚ ውን ደቂ እስራኤል ነብ ናይ ተመን መርዚ አስናኑ ደሓኑ። ንዓይ ውን ብመርዚ ነብ ዝተመልኡ ጸለምቲ አስናኖም እትሞን ብሓይሊ መስቀልነ አድሕነኒ። እነ እገልጋሊኻ ወዲ እገልጋሊኻ[ነ] ብሃይማነ ዝዋህኣነ፣ ብምጽሓፍነ ውን ናጻ ዘውጸእነ፣ ብሞትነ ዘመልከዕነ፣ ብትንሣኤኻ ውን ዝተገለጽነሉ አብ የማን አቦኻ ብምቕማጥነ ውን ዘማዕረግነ ወዲ ቤተ ክርስትያን ኢየ እሞ ምሕረትነ ነብይ አይተርሕቐ። ንዓይ ንእገልጋሊኻ ፍሥሐ ክርስቶስንዝረ መስቀል ርድኣኒ። ብሓይሊ መቀልነ ውን አድሕነኒ።

73. አ! ንኹሉ ዓለም ንምምዕታብ ንአጻምን ደቁን ንምድሓን ንአጻውነ አብ መስቀል ገዘርጋሕነ ንዓኻ የመስግነ አለኹ፣

ስልጣነ ሞት አብ ልዕሊኣም ንኸይብልጥኖም ንዝፈርሑኻ ብመስቀልነ ምልክት ዝሃብኮዎም ንዓኻ የመስግነ አለኹ፣

ንመስቀልነ ንወዲ እሴኔ ቀሰጠንጢናስ አይሁድ አብ ጎልጎታ ድሕሪ ምቕዛሮም ንዝገለጽነሎ፣ ብጸልማት ማሕተም ንኸሕትሞ ውን ዘይገደፍነዎ ንዓኻ የመስግነ አለኹ ጉይታይ፣ ነገር ግን ብዘርሃን መስቀልነ አመልክዕኮ ንሱ ውን ናይ ቅዱሳን ጸሓይ ኢዩ፣

[ነ] ዮሐ 3፥14
[ነ] ማቴ 16፥21፣ 17፥23
[ነ] መዝ 115፥16

ንመስቀልነ ብምድሊይ ንዘደኽሙት ናይ ኣገልጋሊትነ ንናይ እሊኒ ድሌታ ዘረጸምነሉ ንዓና የመስግን ኣለኹ ጉይታይ።

ንቅዱስ መስቀልነ ንምርኻብ ምልክት መታን ክኸና ንናይ ዕጣኡ ትኪ ዝሃብኪሂ ንዓና የመስግነና ኣለኹ።

74. ካብ ልመንላ ገጽነ ዘይመለስኦላ ንዝተመሃየታ ካብ ምርኻብ ዘሕፈርኪሂ ንብርሃኑ ውን ንዓለም ንኽትግለጽ ዝገበርኪሂ የመስግነ ኣለኹ።

መስቀልነ ብምርኻቡ ብእፋ ዕልል ክብል፡ ብኣእዳዋ ውን ክሳብ እተኪብሮኪ ብኣኢገራ ውን ክሳብ እትሸብሸ ብደስታ ዝመላእኪሂ እ! ጉይታ ንዓና የመስግነና ኣለኹ።

ኣብ ልዕሊ ልዓም ፈረስ ወዳ ዝተንብረ ናይ ችንክርነ ምልክት፡[1] ኣብ ግዚ ኩናት ንጸላእትና ኣንበርክነኹም፡ ንዝእምኑነ ውን ኣበራታዕነዮም፡ ከምኡ ውን ብመስቀልነ ዝስዕር ሓደሊ ሃበኺ። ናተይ ናይ ኣገልጋሊነ ጸላእቲ ኣምበርክነኹለይ።

75. እ! ጉይታ ንመስቀልነ ምስ ዝኾሓዱ ካብ ወገነ እስራኤላውያን ስለ ዘይዝዝርነኺ ኣብዚሐ የመስግነና ኣለኹ፡ ንሳቶም ናይ ኣቦታተይ ናይ ሐዋርያት ብኺጋ ኣዝማዶም ኢየም። ብረገድ ሃይማኖት ግን ጸላእቶም ኢየም። ቅዱስ ጳውሎስ "ብወንጌልስ ንዓናትኩም ጸላእትኹም ኢየም፡ ብኽርየት ግን ምእንቲ ኣቦታቶም ዝተፈቕሩ ኢየም"[2] ከም ዝበለ።

እነ ግን እ! ጉይታ ካብ ምውላይይ ጀሚሩ ንዓነ ብምምላኽ ብተስፋ መስቀልነ ብምምነሕ፡ ንዝተመነኽነም ስለ ዝሃብኪኒ የመስግነና ኣለኹ። ብዘይነነ ካልኢ ኣምላኽ የብለይን፡ ብዘይነ ብመስቀልነ ካልኢ መመነሕቲ የብለይን፡

[1] ቀዲማይ ኣብ ናይ ፈረስ ንናይ መስቀል ምልክት ምንባሩ እንሳዘረ ኢየ።
[2] ሮሜ 11፡28

76. እ! ጉይታ ንዓመጻ ዘይተገዝኡ ቅዱሳን ኣእዳውኡ ብመንገዲ ጥፍኣት ዘይተመላለሱ ቅዱሳን ኣእጋርነን ዝተቐንኽርሱ መስቀል ስለ ዝገለጽነልና የመስግነና ኣለኹ። ኣብ ልዕሊኡ ውን ሓሞትን ኮምጣጤን መጸነ፡ ከምኡ ውን ቅዱስ ጎድንነ ብኩናት ተወጋእነ፡ ማይ ደምን ውን ኣውጸኣነ።

እ! ጉይታ ኣብ ልዕለይ ጸጋ ንዘብዘሕነለይ የመስግነ ኣለኹ፡ ንሱ ውን ንዓነ ምእማንን መስቀልነ ምቕባልን ኢዩ፡

ንመስቀልነ ብምርኻብ ነፍሰይ ተመስጦነ ኣላ፡

መስቀልነ ብምርኻቡይ ከንፈረይ የመስግኑ ኣለው፡

ንመስቀልነ ምርኻቡይ ኣዕጽምተይ የመስግኑ።

77. ንመስቀልነ ምርኻቡይ መሊጋግቦይ የመስግኑ።

ንመስቀልነ ምርኻቡይ ብልሳነይ ዕልል ይብል ኣለኹ፡

ንመስቀልነ ምርኻቡይ ብንረረይ እጮድር ኣለኹ፡

ንመስቀልነ ምርኻቡይ ብእእዳወይ የንጨጭብ ኣለኹ፡

ንመስቀልነ ምርኻቡይ ብእእጋረይ የንሽብሸብ ኣለኹ፡

78. ካብ ሕጂ ኣብ ኩሉ ዝተንቀሳቐስክሉ ቦታ፡ ኣብ ዝኾድክነም ቦታ ኩሉ፡ ካብ ዝተንዓገዙሉ ኩሉ፡ ኣብ ኩሉ ዝእተኽም ሃገር መስቀልነ የብርሃለይ። ኣብ ዝወዓልክነም መዓልቲ ኣብ ዝሓደርክነም ለይቲ ናይ መስቀልነ ሞኃስ ነብይ ይርሓኽ፡ እ! ጉይታ ብወገነ ጸላዒ ዓመት መታን ክረክብ ብመስቀልነ ሕተመኒ። እ! ጉይታ ብመጠን ሓደለይ ኣብ ኩሉ ዘመነይ ክገምረልነ ኢየ። ለይፈ መለኮትነ ክሰጠኞ ኢየ፡ ንሱ ውን ብቅዱስ መስቀልነ ምእማን ኢየ። ኣብ ቅዱስ መስቀልነ

ምእማን አብ ውሽጢ ጸልማት ንዘለዉ ከም ዘብርሃሉም ኩሉ፡ ንዓይ ውን ንመለኮታዊ ጥዑም፡ የብርሃለይ አሜን።

79. ሰማሊያል ንዝተባህለ ሰይጣን ዝደርበዮ፡ ንሰራዊቱ ውን ዝበተኖም መስቀል፡ ንናተይ ጸላኢ ውን ይደርብየለይ ንሰራዊቱ ውን ደብትኖም፡ አ! እምላኸይ ተንስኡ፡ ኢድካ ውን ልዕል ትበል፡ መታን ብመስቀልካ ንዘይሓምኑ ክትድምስሶም፡ አብ ሞትካ ዝተሓጎሱ ውን የሚኦትኻ ትሞግአዮም።

80. አ! ጉይታ አብ ልዕሊ መስቀልካ ዝደቀስካሉ ናይ ሕማማትካ ዓራት ኢዩ፡ አብ ሻዱሻይ ሰዓት ውን ንሰማይ ሃወንኽኒዮ፡ ንምድሪ ውን ኣንቀጥቀጥካኒዮ፡ አ! ጉይታ ምእንቲ ሕማምካ መስቀል፡ ንሱ ውን ናይ መርዓውነትካ ዓራት ዝኾነ አብ ልዕሊኡ ውን ንቅድስት ቤተ ክርስትያን ዝተመርዓኻሉ ካባኻ ዝመንጪወ ማይ ውን ዝሓጸብኽኒዮ፡ ብዮማናይ ጎድንኻ ብዝፈሰሰ ደምካ ዝሓተምኒዮ ኩብ የማንኻ ህይወት መንጪወ። በዚ ምኽንያት ውን ቅድስት ቤተ ክርስትያን አብ መንበልየ ዘለሎም ከምዚ ክትብል፡ትልምነካ አላ፡ "አብ ግዚ ቀትሪ አበይ ትድቅስ አለኻ!" ስለምንታይ'ከ ንእኻ ክደሊ አብ መዓሰ አዕርኽትኻ ኩሉል ዝብል፡" ብግዚ ቀትሪ አበይ ትድቅስ አለኻ ዝበሉቱ፡ አብ ግዚ ቀትሪ አብ ልዕሊ መስቀልካ ምድቃስካ ኢዩ። እንደገና ውን "ናበይ ትጉዓዝ አለኻ ዝበሉቱ፡ ንመዓሰ ዝሕሉ ኩሉ ናብ ዝለዓለ ቦታ ስለ ዝወጽእ፡ ንእባጊው ውን ስለ ዝሕሉ። ብበትሩ ውን ስለ ዝቀጻረን ውን ኢዩ። እንደገና ድማ ከምዚ ትብል አላ፡ ስለምንታይ'ከ ንእኻ ክደሊ አብ መዓሰ አዕርኽትኻ ኩሉል ዝብል፡ እዚ ማለት ብመስቀልካ መታን ክእምን ንስካ ናብ ዝተሰቐልካሉ ምርሓኒ። ንናይ ዓመጻ መዓሰ ዝሕልዉ ንእባጊዕ ውን ካብ አፍ ተኹላ ዘትርፉን ካልኦት ዓሶት ንኽይክተል ማለታ ኢዩ።

81. አ! ጉይታ ንዓይ ውን ናብ ጽድቂ መንገዲ ብዝወሰድ ብበትሪ ምሕረትካ ሓልወኒ፡ ዳዊት "ናይ መንግስትኻ በትሪ ናይ ጽድቂ በትሪ

[140] ግእዝ 'አይተ ትብዘ' አይ ዝብል
[142] መጋ 1፡7

ኢዩ፡ ንጽድቂ እፍቀርካ ንዓመጻ ውን ጸላእካ ፡ ስለዚ ካብ ኣሕዋትካ ንላዕሊ እግዚኣብሔር አምላኽ ናይ ደቂታ ዘይቲ ቀብእካ አብ ኩሉ ልብኽ፡ ከርሀን ዕጣንን ዝዛድ ውን አለዉ። ብዓበይቲ እቕርንቲ ውን ደስ የብሉኻ"[141] ኢሉ ኢዩ። ብዘይካ ናይ እዞዘብን ናይ ኢዮሩሳሌምን ነገስታት ዝገሸዱ እቕርንቲ በዓል መን ኢዮም። እታ ዝገሸደት ናይ መንግስቲ ሸመት አብ ልዕሊኡም ዓረፈት። ብእእም ደስ ይብለካ ክብል ከሎ ውን ንጎቶም አብ ውሽጢ መካራ ኮይኖም ደስ ክብሉኻ ኣይክኣሉን። ንስኻ ግን አብ ውሽጢ መካራ ንዘለዉ ብመስቀልካ ደስ አበልካዮም ማለቱ ኢዩ።

82. አ! ጉይታ ንስኻ አብ ኩሉ ጉይታ ኢኻ ስልጣንካ ውን አብ ልዕሊ ኩሉ ኢዩ፡ ዕበይትካ ውን ካብ ኩሉ ንላዕሊ ኢዩ። ናይ ኩሉ ጉይታ ተባህልካ

አብ ኩሉ ውን ተጸዋዕካ

ንስኻ ሊቀ ካህናት ኢኻ

ንስኻ ንጉስ ነገስት ኢኻ

ንስኻ ዓብይ ነብይ ኢኻ

ንስኻ ሓለቓ ጓሶት ኢኻ

ንስኻ እትዛረብ በጊዕ ኢኻ

ንስኻ ብሉጽ ላም ኢኻ

ንስኻ ወዲ አንበሳ አንበሳ ኢኻ

ንስኻ ምንጪ ናይ ሕይወት ማይ ኢኻ

[141] መዝ 196-8

ንስኻ ቀርን መድሓኒት ኢኻ።

ንስኻ መንገዲ ጽድቅን ሂወትን ኢኻ።

ንስኻ ናይ ጽድቂ ጹሓይ ኢኻ።

ንስኻ ናይ ብርሃን ኮኾብ ኢኻ።

ንስኻ ናይ ህይወት እንጆራ ኢኻ።

ንስኻ ናይ መድሓኒት ጽዋእ ኢኻ።

ንስኻ እፍ ደገ ኢኻ።

ንስኻ ወዲ ሰብን ወዲ እግዚአብሔርን ኢኻ።

እዚ ኹሉ ምእንቲ ናትና ፍቕሪ ክትብል ተጸዋዕኻሉ።

83. ንስኻ ሊቀ ካህናት ተባሂልካ ኢኻ። ዳዊት "ነም ሰርዓት መልከ ጼዴቅ ንስኻ ናይ ዘለኣለም ካህን ኢኻ"[144] ነም ዝበለ፡ መልከ ጼዴቅስ ንኣብርሃም አብ ዝረኸቦ ግዚ ንሕብስትን ወይንን ኣውጺኡ ሃቡ፡ ንስኻ ውን ናይ ሰርናይ ሕብስትን ናይ ጽዋእ ወይንን ወሰድካ። ንደገመዝምርትኻ ነምዚ ኢልካ ሃብክዎም "እዚ ሕብስተ ሥጋይ ኢዩ፡ እዚ ጽዋእ ወደኒ ውን ደመይ ኢዩ፡ ምእንታኹም ንብዙሓት ዝተዋህቡ[145] እ! ጉይታ ካብ መሰቀልካ ንዝተሰወረ ምስጢር ዘርእኻና ንስኻ ብሩኽ ኢኻ እ! ጉይታ ንስኻ ብሩኽ ኢኻ።

84. ንስኻ ንጉሰ ተባሃልካ ያዕቆብ ንወዱ ንይሁዳ ብዛዕባኻ "ንእድጉ አብ ጕንዲ ወይኒ፡ ንዒሉኡ ድማ አብ ብሱጽ ጨንፈር ወይኒ ኪኣስር ኢዩ፡

[144] መዝ 110፡4
[145] ማቴ 26፡26-28፡ሉቃ 22፡19-20

ከዳውንቱ ብወይኒ፡ ነጸላኡ ከኣ ብደም ዘቢብ ኪሓጽብ ኢዩ"[146] ኢሉ ትንቢት ነም ዝተዛረቡ።

85. ንስኻ ነብይ ተባሂልካ ኢኻ። ሙሴ ብዛዕባኻ እግዚአብሔር ካብ ማእከልኩም ነማይ ዝበሉ፡ ካብይ ዝበልጽ ነብይ ውን ከተስእልኩም ኢዩ። ነቲ ነብይ ኢቲ ዘይትሰምዕ ነብሳት ኩሉን ካብ ህዝባ ተፈልያ ትጥፋእ[147] ነም ዝበሉ፡ ነማይ ዝበለ ዝበሉ ንንጹሃን እገልገልትኻ ሓድሽ ሕጊ ሰለ ዝሃብኮም ኢዩ፡ ሙሴ ሕገ ብሉይ ንደቂ እስራኤል ሃቡ፡ ነም ዝበሉ ብዘይነገሩን ብዘይነ፡ ሙሴን ሕጊ ዝሃበ ነብይ የለን። ጻውሎስ ሙሴ ብዛዕባ ዝተዛረቦ ነገር ምስክር ክኸውን አብ ኩሉ ቤቱ ነም ሱሲ ዝተኣመነ ነበረ፡ ነገር ግን ክርስቶስ ካብ ሙሴ ይበልጽ[148] ነም ዝበሉ ሙሴ ውን ነዚ ናይ'ዚ ነብይ ቃል ዘይትሰምዕ ነብሲ ካብ ህዝባ ተፈልያ ትጥፋእ ዝበሉ ኑቶም ዝዓመጹኻ ንህዝቢ ኣይሁድ ኢዩ፡ በዚ ዝተላዕለ ንኣይሁድ "ንሙሴ እንተትእምኑ ነርኡም ብእይ ውን ምእመንኩም ነርኡም፡ ንሱ ብዛዕባይ ጽሒፉ ኢዩ፡ ሙሴ ንዝጸሓፎ ነይ ኣመንኩም ብኸመይ ብቓሰይ ክትኣምኑ"[149] በልኮምን።

86. ንስኻ ንጎ ተባሃልካ ዳዊት ብዛዕባኻ አብ መዝሙር "እ! ዮሴፍ ነም መጋቢ እትመርሕ ናይ እስራኤል ንጎ ሰማዕ"[150] ነም ዝበሉ። ንስኻ ውን አብ ቃል ወንጌልካ "ምእንቲ አባጊዑ ነብሱ ኣሕሊፉ ዝህብ ትጉህ ንጎ እነ ኢየ"[151] በልካ። አብ ልዕሊ መስቀል ንነብስኻ ምእንቲ ቢዛ አባጊዕካ ክትብል ኣሕሊፍካ ዝሃብካ፡ ብሓቂ ንስኻ ንጎ ኢኻ።

87. ንስኻ በጊዕ ተባሃልካ። ወዲ ዘኸርያስ ዮሓንስ ብዛዕባኻ "እንሆ ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቕ ናይ እግዚአብሔር በጊዕ"[152] ኢሉ ነም ዝመስከሮ፡ ብሓቂ ውን ንደቂ ሰባት መድሓኒ ክትብል አብ ልዕሊ መስቀል ዝተሓረድካ በጊዕ ንስኻ ኢኻ።

[146] ዘፍ 49፡11
[147] ዘዳ 18፡18-19፡ሃዋ 7፡37
[148] ዕብ 3፡2-3
[149] ዮሐ 5፡46-47
[150] መዝ 80፡1
[151] ዮሐ10፡14-15
[152] ዮሐ 1፡29

88. ንስኻ ሊሕም ተባሂልካ፡፡ ዳዊት ብዞዕባኻ "ቀርንን ጽፍርን ነብ ዘብቀለ እንበላ ንላዕሊ ንእግዚአብሔር የሐንሶ"[151] ኢሉ ነም ዝተዛረቡ፡፡ ብዞዕባ እቲ ጥፋእ ወዲ ውን አብ ወንጌል ኣቡኡ ነምዚ ነም ዝበለ ተጻሒፉ ኢዩ፡ "ስብሕቲ ላም እምጸእኑም ሕረዱ፡ ንብላዕ ንተሓንስ ምኽንያቲ እዚ ወደይ ሞይቱ ነይሩ ሓውዩ፡ ጠፊኡ ነይሩ ውን ተረኺቡ ኢዩ"[152] ንቁዱሳን ምሳሕ መታን ክትነውን አብ ልዕሊ መስቀል ዝተሓረድነ፡ ላም ንስኻ ኢኻ፡፡

89. ንስኻ አንበላ ተባሂልካ፡፡ ያዕቆብ ንወዱ ንደሁዳ ብዞዕባኻ፡ "እ ይሁዳ ሽደን አንበላ ኢኻ፡ ወደይ ነብ ግዳይነ ተመሰሶ፡፡ ነም አንበላ አጣቢሕነ በጥ በልካ፡፡ ነም አንስተይቲ አንበላ በጥ በልካ፡፡ ነተንስኣነ ዝደፍር መን ኢዩ፡ እቲ ዝገበአ ክሳዕ ዝመጽእ፡ሕዝበታት ውን ክሳብ ዝግዘእዎብትሪ መንግስቲ ነብ ይሁዳ፡ ዘንጊ ግዚኢ ክአ ነብ ማይ ቤቱ አደክልግስን ኢዩ"[153] ኢሉ ትንቢት ነም ዝተዛረቡ፡፡

90. ንስኻ ቀርኔ ተባሂልካ ኢኻ፡ ዳዊት አብ መዝሙር ፡ አብአ ንዳዊት ቀርን ነብቡቁል ኢዩ፡ ንዝቑባእክም ሰብ ውን መብራህቲ ክዳልወሉ ኢዩ"[154] ነም ዝበሎ፡፡ ዞክርያስ ውን "ነብ ጥንቲ ገሸበሩ ብእፍ ቅዱሳን ንብያቱ ነም ዝተዛረቡ ነብ ቤት ዳዊት አገልጋሊኡ ውን ቀርኔ መድኃኒት አተንስአልና"[155] በለ፡ ዳዊት ውን "ነብ አፍ እዞም አናብስ አድግሃኒ፡ ነብ ቀኒ ጉባይ አድግሃኒ"[156] እንደገና ውን ቀርነይ ሓደ ቀርኔ ነም ዘለዎ ልዕል ይብል፡ ንሽምግልናይ ውን ብዘይቲ ተባእትኺ"[157]

91. ንሰኻ እምኒ ተባሂልካ ኢኻ፡ ዳኒኤል ብዞዕባኻ "ኢድ ከይተንክየ እምኒ ነብ ኩርባ ተፈንቲሉ መጹ፡ ነቲ ሓጺንን መራትን ገሾነ አእጋር እቲ ምሰለ ድማ ወቐዑ ዳዕመኑ"[158] ኢሉ ትንቢት ሰለ ዝተዛረበልካ፡ ዳዊት

[151] መዝ 69፡31
[152] ሉቃ 15፡23-24
[153] ዘፍ 49፡9-10
[154] መዝ 131፡17
[155] ሉቃ 1፡69
[156] መዝ 22፡21
[157] መዝ 92፡10
[158] ዳን 2፡34

ውን ብዞዕባኻ "እቲ ነደቐቲ ገሸዓቐዎ እምኒ፡ ንሱ ርእሲ መእዝን ነኻ እዚ ነብ እግዚአብሔር ነኻ፡ ነዕይንትና ውን ዚደንቕ ኢዩ"[159] በለ፡፡ ንዝእምነነ ናይ ሕይወት እምኒ ንሰኻ ኢኻ፡ ብእኻ ዘይእምኑን ብቃልነ ውን ዝጠራጠሩን መዐንቀፊ እምኒ ንሰኻ ኢኻ፡ አብ መስቀልነ ንዘይድገፉ ናይ ምዋርጣር እምኒ ንሰኻ ኢኻ ። አ! ናይ ሕይወት እምኒ አነ ሞን አባኻ ተደገፍኩ፡ ንሰኻ ወዲ እቲ ሕይወት እግዚአብሔር ነም ገሾንነ ይእምን ኢዩ፡ ንዓይ ንእገልጋሊኻ ነም ቅኑዕ ዋልታ[160] ብሓይሊ መስቀልነ ነልለኒ፡፡

92. ማይ ሕይወት ዘለነ ናይ ነብሪ ጉድጓድ ንሰኻ ኢኻ፡ ንዝሰኾልዎ ነጸርርም ነሉ ኢሳይያስ ነምዚ በለ፡ "አቱም ንጽድቲ እትሰዕቡ ንእግዚአብሔር ውን እትደልዩ ስምዑኒ፡ ነብኡ ዝተቐጸነኩምሉ እምኒ ነብኡ ዝተቦዓትኩምሉ ጉድጓድ ረአዩ"[161] ኢሉ ዝተዛረበልካ፡ ንዓኻ ኢዩ። አብ ወንጌል "ነብቲ አነ ዝህቦ ዝሰቲ አይጸምእን"[162] ኢልካ ኢኻ፡ ማይ ሕይወት ነብ ነናፍርካ ይዘንብ፡፡

93. ንሰኻ ናይ ጽድቅን ናይ ሕይወትን መንገዲ ተባሂልካ ትጽዋዕ ኢኻ ። ንሰኻ አብ ቅዱስ ወንጌል "አነ መንገዲ ሓቅን ሕይወትን ኢየ"[163] "ብአይ ገሾይድ ናይዚ ዓለም ብርሃን ሰለ ዝርኢ አይሰናሽልን"[164] ኢልካ ነም ዝተዛረብኾዮ፡፡

94. ጹሓይ ተባሂልካ ተሰሚኻ ኢኻ እም ቤተ ክርስትያን ውን ብዞዕባኻ "ጹሓይ መልክዐይ ኣጸሊምዎ ኢየ እሞ ጸለም ሰለ ገሾንኩ አይትርእዩኒ"[165] ትብል አሳ፡ አብ መጽሓፈ ኪዳን ውን "ርእሰኻ ዘይዓርብ ጹሓይ፡ ዘይጠፍኦ ብርሃን፡ ኩሉ ግዜ አብ ልዕሊ ቅዱሳን ዘብርህ ጹሓይ ኢዩ[166] ትብል አሳ፡

[159] መዝ 117፡22
[160] መዝ 5፡12
[161] ኢሳ 51፡1
[162] ዮሐ 4፡14
[163] ዮሐ 14፡6
[164] ዮሐ 11፡9
[165] ሙሶ 1፡6
[166] መጽሐፈ ኪዳን ወርቅ

95. ናይ ብርሃን ኮኾብ ተባሂልካ ተጸዊዕካ ኢኻ ባላቅ ወዲ ሶፎር ኣብ ዝጸውዖ ግዜ በልዓም ትንቢት ነዛረብ ከሎ፡ "ኮብ ያዕቅብ ኮኾፍ ከወጽእ ኢዩ፡ ኮብ እስራኤል ውን በትሪ መንግስት ክትንስእ ኢዩ"[170] በለ። እዚቀለምነስ ውን "ኮብ ሱር ዳዊት ዝተረኽበኩ ኮኾብ ጽባሕ ኣነ ኢየ"[171] ኢልካ ኢኻ።

96. ኮብ ብርሃን ዝተረኽበ ብርሃን ውን ተባሂልካ ኢኻ ንስኻ እምበር "እነ ናይ ዓለም ብርሃን እየ"[172] ጸልግት ከይ ወርደኩም ብርሃን ከለኩም ደቂ ብርሃን መታን ክትኮኑ ብርሃን ከለኩም ብብርሃኑ እመኑ፡[173] ኢልካ ኢኻ። ዮሐንስ ወልደ ነጎድጓድ ውን፡- "ኮብ እግዚኣብሔር ዝተላእከ ሰው ዮሐንስ ዝበሃል ሓደ ሰብ ነበረ፡ "ኮብ እምላኽ ዝተላእከ ሓደ ዮሐንስ ዝበሎ ሰብ ነበረ፡ ንሱ ምስክር ኮይኑ፡ ኩሎም ብእኡ ምእንቲ ክኣምኑ፡ ብዛዕባ ብርሃን ከምስክር መጸ። ብዛዕባ ብርሃን ደኣ ከምስክር መጸ እምበር፡ ንሱስ ብርሃን ኣይነበረን። እቲ ንኹሉ ሰብ ዚብርህ ብርሃን ሓቂ ናብ ዓለም መጸ፡ ኣብ ዓለም ውን ነበረ፡ ዓለም ክኣ ብእኡ ተፈጥረት፡ ዓለም ግና እይፈለጠቶን"[174] በሉ፡

97. ናይ ሕይወት እንጀራ ተባሂልካ ኢኻ ንዓኻ ደኣ ኢዩ እምበር "ናይ ሕይወት እንጀራ እነ ኢየ፡ ሲጋይ ዝበልዐ፡ ናይ ዘለዓለም ሂወት ኣለዎ"[175] ኢልካ ኢኻ

98. ጽዋእ ውን ተባሂልካ ኢኻ ንስኻ "እዚ ጽዋእ ደመይ ኢዩ ሃንኩ ሰተዩ"[176] በልካ እንደገና ውን "ደመይ ዝሰተ ንሞት ኣይጥዕማን ኢዩ"[177] በልካ

[170] ዘኁ 24፡17
[171] ራእ 22፡16
[172] ዮሐ 8፡12
[173] ዮሐ 12፡35፡36
[174] ዮሐ 1፡6-10
[175] ዮሐ 6፡48፡56
[176] ዮሐ 8፡54
[177] ዮሐ 8፡51

99. ኣፍ ደገ ውን ተባሂልካ ኢኻ ንስኻ ውን "እቲ ኣፍ ደገ ኣባጊዕ ኣነ ኢየ፡ ብኣይ ዝኣቱ ኪድኅን ኢዩ፡ ኪኣቱን ኪወፍርን ኢዩ፡ መጓሰዩ ውን ክረኽብ ኢዩ"[178] ኢልካ ኢኻ

100. ዕምበባ ተባሂልካ ኢኻ ኢሳይያስ ብዛዕባኻ "ካብቲ ከም ኩሩት ጉንዲ ዝኾነ ዘርኢ መንግሥቲ ዳዊት ሓደ ጥዋሂ ኪፍብፍብ ኢዩ፡ እቲ ካብ ሱሩ ዝጨብጨበ ጨንፈር ክኣ ፍረ ክፈሪ ኢዩ፡...ኣብ ልዕሊኡ መንፈስ እግዚኣብሔር ኪወርድ ኢዩ። መንፈስ ጥበብን ኣእምሮን፡ መንፈስ ምኽሪን ሓይልን ኪህልዎ ኢዩ"[179] ኢሉ ኢዩ። ቤተ ክርስትያን ውን ብዛዕባኻ "ከናፍሩ ከም ዕምበባ ኢዮም፡ ክርበ ውን የፍስሱ"[180] ትብል ኣሳ።

101. ወዲ ሰብ ውን ተባሂልካ ኢኻ ካብ ዘርኢ ዳዊት ብሥጋ ስለ ዝተወለድካ፡ ንስኻ ብህላዌኻ ውዲ እግዚኣብሔር ኢኻ፡ ንስኻ ከምዚ ኢልካ ከም ዝገርኾና፡ ወዲ ሰብ ወዲ እግዚኣብሔር ኢዩ[181] ኢልካኖ ኢኻ።

102. ኦ! ወልድ እግዚኣብሔር ንስኻ ናይ ዓለም መድሓኒት፡ ንደቂ ኣዳም ውን ንናይ ሓጢኣቶም ዋጋ እትህብ ከም ዝኾንካ ኣመንኩኻ።

ኦ! ጉይታ ንስኻ ንወዲ ሰብ ንምድሓን ክትብል ንመስቀል ከም ዝተሸከምካ ኣመንኩኻ።

ኦ! ጉይታ ንስኻ ወዲ ብርሃን ብርሃን ከም ዝኾንካ ኣመንኩኻ።

ኦ! ጉይታ ንስኻ ካብ ንጹህ ምንጪ ዝተረኽበካ ንጹህ ናይ ህይወት ምንጪ፡ ካብ ህይወት ዝተረኽበካ፡ ህይወት፡ ካብ ሓደ እግዚኣብሔር ዝተረኽበካ ወልድ ዋህድ ምዃንካ ኣመንኩኻ።

[178] ዮሐ 10፡7፡9
[179] ኢሳ 11፡1-2
[180] መኃ 5፡13
[181] ዮሐ 10፡36

ዘ።ነ ውን ብህላዌ ሓደ ከም ዝኾንክ ኣመንክ።

አ! ጉይታ ንስነ ናይ ሃይማኖት ጽንዓት ከም ዝኾንክ ምስ ኣቦኻን መንፈስ ቅዱስን ብሓድነትን ሰለስትነትን እንዳተፈተልካ ዘይትብጠስ ፈትሊ ከም ዝኾንክ ኣመንክ።

አ! ጉይታ ንስኻ ናይ ቅድስት ቤተ ክርስትያን ኣኽሊል፡ ናይ ምእመናን ግርማ ከም ዝኾንክ ኣመንክ።

አ! ጉይታ ንስኻ ናይ ሸቱ መእላ ከም ዝኾንክ ኣመንክ፡ ካብኻ ብዝተቐድሐ ውን ካህናት ተቐብኡ፡ ነገስታት መሲሓውያንን ተቐብኡ። ብእኻ ውን መላእኽቲ ተመልኡ፡

103. ካብኻ ንዝኾነ ዘይቲ ናይ እግዚኣብሔር ጸጋ ካብይ ኣይተወግድ። ብሰኽሚ መስቀልካ ሕጸረኒ፡ ንፍሰይ ውን ኣነ ረዳኢኺ ኢየ በላ። ብናይ ኢደይ ሰልጣንን ብማንኛዊ መስቀለይ ሓተምኩኺ በላ። ኣጋንንቲ ሥጋይ ንኹሉንክሱ ኣሕሲፍክ፡ ኣይትሃቦምን፡ ኣብ ጽላል መስቀልካ ሰውረኒ፡ ዑፍ ኣብ ትሕቲ ኣኽናፋ ጨቓውታ ከም እት-ሓቁፍ ኣብ ጽላል ኣኽናፍካ ሕቐፈኒ። ብበረኽት ኣቦታትና ብበረኽት-ኣዳምን ሴትን፡ በሂናክን በረኽትን፡ ብናህን ብሲምን ብያፈትን፡ ብበረኽት ኣብርሃም ይሱሓቕን እስራኤል ዝተባህለ ያዕቆብ፡ ብበረኽት ሙሴን ኣሮንን ኩሎም ነብያትን፡ ብበረኽት ጴጥሮስን ጳውሎስን ብኩሎም ሃዋርያትን፡ ብበረኽት ተዓወትቲ ዝኾኑ ሰማእታት፡ ብበረኽት ናይ ንጹሃን ደናግል፡ ብበረኽት ገድሊ ጻድቃን፡ ብበረኽት ትጉሃን ዝኾኑ መላእኽቲ፡ ብበረኽት ናይ ቅድስት ቤተ ክርስትያን ፍጹማን ዝኾኑ ማሕበር፡ ብዝበለጸ ድማ ብእማላድነት ቅድስቲ ንጽሕቲ ብሩክት ወላዲተ አምላክ ብዝኾነ ብናይ ማርያም፡ ናይ ጸጋ ማዕተብ፡ ናይ መድሓኒት ምልክት ብዝኾነ ማኅየዊ ክቡር መስቀልካ በረኽት፡ አብ ልዕለይ አብ አገልጋሊኻ አብ ፍሥሐ ክርስቶስ ብርሃንካ ይኹን ለዓለመ ዓለም አሜን፡

ውዳሴ መስቀል

104. ሰላም ሰላም፡ ንሐደ መስቀል ሰላም፡

የማኑን ጸጋሙን ንሳለም ኢና፡

ቅድሚኡን ድሕሪኡን፡

ዝናይ ሰላም ሃገር ንሳለም ኣለና፡

ንሱ ውን ናይ እግዚኣብሔር ቀስት ኢዩ፡

ንሕማሙ ውን ዓራት ዝኾኖ ኢዩ፡

ደሙ ውን ዝተቐብአ ኢዩ፡

ሰቕ ብዘይ ምባል ውን ንስሙ እንዳጸዋዕና "ሰላም" ንብል ኣለና፡

ንእራዊት ውን ዝረትዖ ኢዩ፡

ገሹ ውን ፈሓጠሮ፡

ኣዴኡ ንዝኾነት ወላዲቱ ውን ሰላም ንብል ኣለና፡

ብንጽሕና ጽርሐ አርያሙ ተባሂላ ተጸዊን ኢያ፡

ሓይሊ ጸሎታ ውን ንጀላኢና ዘድነሞ ይኹን፡ ንመዘርታኣ ብምትርጓም፡

ንምውዳእ ውን እያብኣልኩን፡

ንንሰምልኮ ዝፈጠረና ንእግዚኣብሔር ምሲጋና ይኹን።

ውዳሴ መስቀል 1፡4

መስቀል ዕፀ ሕይወት ዘይሰቅይዎ ፬ አፍላግ ፡ ስሙ ለፅ ፈለግ ኤፌሶን ዘእምኔሁ ይውኅዝ ወይነ ምሥጢር እስትዳለወ እግዚእብሔር ለቅዱሳኒሁ ፡ወፈለግ ካልዕ ግዮን ዘእምኔሁ ይውኅዝ ጸቃውዕ መዳር ክፍለ ክፍለ ንጹሐን። ስሙ ለሣልስ ፈለግ ጤሮስ ዘእምኔሁ ይውሕዝ ቅብዐ ዘይት ለእጽሕዲ ሥጋሆሙ ለመስተጋድላን። ስሙ ለራብዕ ፈለግ ኤፍራጥስ ዘእምኔሁ ይውሕዝ ሐሊበ ልቡና ዘእውቱ ስቴ ፍሥሐ ወሐሜት። ወመኑ ወእቱ ፈለግ ሐሊብ ዘእንበለ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘተሰምየ እንከ ፈለግ ወይን። እስመ ወይነ ትፍሥሕት ዘውኅዘ እምኔሁ። በእመ ይቤ ዳዊት ወወደይከ ትፍሥሕተ ውስተ ልብየ እም ፍሬ ስርናይ ወወይን ወትቤል በዝኆ ወቅብዕ ለአብርሆ ገጽ።

መስቀል ዕፀ ሕይወት ዘይሰቅይዎ ናይ ሜት ገረብ ኢዩ፡ እቲ ናይ መጀ[illegible] ኤፌሶን ይበሃል፡ ንሱ ውን እግዚአብሔር ንቅዱሳን [illegible] ምስጢር ወይኒ የፍስስ ናይ'ቲ ካልኣይ ስም ድማ ግዮን እዩ ዝበሃሉ ንንጽሃን ሀዮብ ዝኸውን መዳር የፍስስ ናይ እቲ ሳልሳይ ውሕዚ ስም ኮኣ ጤሮስ ይበሃል፡ ንሥጋ ዚጋደሉ ዘለምልም ናይ ዘይቲ ቅብኣት የፍስስ ናይ'ቲ ራብዓይ ውሕዚ ስም ድማ ኤፍራጥስ ይበሃል፡ ንሱ ውን ናይ ምስትውዓል ጸባ የመንፀፁ፡ እቲ ዝምንጪ ኮኣ ናይ ደስታን ሓጎስን መስቶ ኢዩ። ብዘይካ እቲ ፈለግ ወይኒ ዝተሰምየ ኢየሱስ ክርስቶስ ናይ ወይኒ ውሓዝ'ኸ መን ኢዩ፡ ናይ ዘይቲ ውሓዚ'ኸ መን ኢዩ፡ ናይ ጸባ ውሓዝስ መን ኢዩ፡ ካብ ጉድኑ ናይ ሓጎስ ወይኒ ፈሲሱ ኢዩ፡ ቅዱስ ዳዊት ኣብ ውሽጢ ልብና ሓጎስ ወሰኽሉና፡ ካብ ፍረ ስርናይን ካብ ወይኒ ካብ ዘይቲ ንላዕሊ በዚሉ ዘይቲ ውን ንገጽ ዮብርህ ኢዩ ከም ዝበሎ ኢዩ።

ካብ ውሽጢ እዚ መጽሓፍ ዝተወሰደ